



ኣድራሻና
The Living Christ Ministries International
The Living Christ Church
80 Raynton Road
Enfield Lock
Enfield
Middlesex
EN3 6BS
UK

Telephone
0044 1002 711 608 (Office)
0044 79328 94994 (Mobile)

EMAIL ADDRESS፡
tesfay.samson@yahoo.co.uk

ንኣገልግሎትና ብገንዘብ ክትሕግዙ እትደልዩ በዚ ናይ ባንክ ኣድራሻ ክትሰዱልና ትኽእሉ ኢኹም።
The LCC
LlloydsTSB Bank
A/C Number; 2540096
Sort Code; 30-99-86
Bic; LOYDGB21043
IBAN; GB53 LOYD 3099 8602 5400 96

Design & layout by ZION Graphics
zionsgraghics@yahoo.com
ZION
ermiaszion@yahoo.com

# ትሕዝቶ

3 ምዝርጋሕ ወንጌል
5 ወፈራ ወንጌል ኣብ ፓኪስታን
11 ቃለ-መሕትት - ምስ ነብዩ ዮናስ
14 ዓምዲ ትምህርቲ - ካብ ጉስነት ናብ ንግስነት
19 ምስክርነት
15 ፊሊጶስ እንታይ ይምህረካ
28 ዜና

## ተወሳኺ

4 • ዕድል ኣይትሕለፍካ
4 • በዓል ቅያ
6 • ገለ ካብ ዝገረመኒ
7 • ንሓደ ጥራይ ናብ ጎይታ ብምምጻእካ ተሰፋ ኣየቑርጽካ
10 • ትፈልጡዶ?
10 • ሕመረት መልእኽቲ ወንጌል
11 • ገንዘብ ስለዘይነበሮ ጉሃየ
14 • ቃላት ወንጌል
16 • ሰብ ድዮም ኔሮም

# መልእኽቲ ኣሰናዳኢ

ሎሚ እዞም መወዳታ ዘበን ዘርከበና ቅዱሳን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ኩሉ ሰብ ክድሕንን ናብ መንግስቲ ፍቁር ወዱ ክአቱ ከም ዝኾነ ክንርእዮ እንተዘይኪኢልና ናብ ካልእ ቅኑዕ ግና ኣዝዩ ኣገደሲ ዘይኮነ ነገራት ክነድህብን ጉልበትና ክነህልኽን ዝከኣል እዩ።

ኣብ ናይ ቦኽሪ ናይ መጽሄትና ሕታም ቅኑዕ ኣዘረጋግሓ ወንጌል ከመይ ክኸውን ይግባኣ ንዝብል ሕቶታት ንምምላስ ዝተፈለልየ ኣገዳሲ ትምህርትታት ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና።

ወንጌል ምዝርጋሕ ኣድላይነቱ ዘይተረደአ ክርስትያን ኣዝዩ ሒደት እዩ። ስለዚ ድማ፡ ከመይ ጌርና ንወንጌል ንዝርግሕ? እንታይ ዓይነት ጥበብከ ንጥቀም? ከመይ ጌርና ኢናኸ ጽፉፍ ኣሰራርሓ ወንጌል እንገብር ንዝብል ሕቶታት ንምምላስ ዝተፋላልየ ማዕዳታት ኣቕሪብና ኣሎና።

ነፍሲ ወከፍና ኣብ ዓመት ሓደ ሰብ ናብ ጎይታ እንተ ነምጽእ ክነንደይ ሰብ ኮን ምደሓነን ንየሱስ ምፈለጦን? ስለዚ ሎሚ ንኩላትና ዝምዕዶ ንገር እንተ አልዩ፡ ከይተዳናጎና ጸሊናን ሓሲብናን፡ ኣምላኽ ድማ ንቃሉ ደገ ክኸፍተልና ለሚንና ቃል ብስራት ሒዝና ንገስግስ።

ኣብ መወዳእታ እዛ መጽሄት ምስ ኣንበብኩምዋ፡ ብኸመይ ኣገባብ ወንጌል ከም እትዝርግሑ ገለ ሓበሬታትን ኣንፈትን ክትረኽቡ ተስፋ ንገብር። ■

ወ/ዊ ሳምሶን መ. ተስፋይ

# ምዝርጋሕ ወንጌል

ኣድላይነት ምዝርጋሕ ወንጌል ዝይተረደኦ ኣማኒ ዳርጋ የለን እንተበልና ኣይተጋገናን። እንተኾነ ግና ገለ እዋን ብኸመይ ኣገባብ ክንዝርግሕ ከም ዝግባእና ብዘይምፍላጥ፡ ካብቲ ዝተዋህበና ሕድሪ ዕሽሽ ምባልና ኣይተረፈን።



ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ኣሉታዊ ኩነታት ሞሊቐና ስሉጥ ስራሕ ክንሰርሕ እንኽእለሉ መገዲ ንምፍላጥ እዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ምኽርታት ይሕግዘና እዩ ኢለ ንኣምን። እምበርከስ ብትግሃትን ብአተኩሮን ነዚ ቀጺሉ ዘሎ ጽሑፋት ከነንብቦ እዕድመኩም።

## ማዕዳ ማዕዳ

### ክርስትያን ኩሉ ወንጌላዊ እዩ

ሎምውን ከም ትማሊ ገለ ሰብ ብህይወቱን ብናብራኡን ንወንጌል ዝተወፈየ ሰብ ብምኳኑ ንብዙሓት ሰብ ንምድሓን ክኸውን ከሎ፡ ገለ ድማ ካብ ሽለልትነት ዝተላዕለ ነቲ ዘለዎ ብርሃን ኣብ ትሕቲ ከፈር ሓቢኡ፣ ንምድሓን ነፍሱ ተጠንቂቑ ኬብቅዕ ንኻልኦት ዝጠፍኡ ግና ንምምላስ ከም ብርቱዕ ሰኽምን ዓቐበትን ዝኾኖ መዓስ ዊሒዱ?

ዝኸበርካ ኣንባቢ ምናልባሽ ንስኻ ሎሚ ሓድሽ ተኽሊ፣ ብዛዕባ የሱስ ንምምስካር ድማ ዘይሰልጠንካ፡ ወይ ድማ ገዲም ክርስትያን ኮንካ ግና ንምምስካር ዓቕሚ ሲኢንካ፡ ፍርሒ ኣሲሩካ ክኸውን ዝከኣል እዩ።

ግና ካብ ዝሓለፈ ተማሂርካ ንዝመጽእ ንምዝርጋሕ ወንጌል ብኹሉ ሓይልኻ ክትዋፈሮ ሕድሪ እብለካ። ብዙሓት ኣመንቲ ብዝዓባ ምምስካር ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣረኣእያ ከም ዘለዎም ንፈልጥ። ገለ ካብቲ ዝባህል ንምውሳድ፡

**ምምስካር ማለት ትራክት ምሃብ ጥራሕ ኣይመስለንን።**

ግና ሓደ ንገር ክመኽረካ ፍቐደለይ፡ 'ምምስካር' ማለት ኣብ ኣደባባይ ወጺእካ ንሰብ 'ትራክት' ምዕዳል ጥራሕ ኣይምሰልካ። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ክፈጥረና ከሎ ዝተፈላልየ ዓይነት ሰብ ገይሩ እዩ ፈጢሩና። ግሌና ዝይንሓፍር፡ ሎሚ ምስ ሓድሽ ሰብ ሕጂ ተራኺብና ብኡንብኡ ዕርከነት ንፈጥር እሞ ክንምስክር ዘይንድጉ ክንከውን ከሎና፡ ገሌና ድማ ሓፋራት ኮይንና፡ ምስ ሰብ ቀልጢፍና ንምልላይ ዓቐበት ዝኾነና ሰብ ንኸውን።

እምበኣርከስ ኣምላኽ ብኣና ክሰርሕ ኣብ ኣደባባይ ወጺኣና ስለ ዘይመስከርና ቅር ኣይበለና። የግዳስ ንምዝርጋሕ ወንጌል ኣምላኽ ብኸመይ ኣገባብ ክጥቐመልና ከም ዝኽእል ካብ ሎሚ ንሕሰብ።

**ምዝርጋሕ ወንጌል ምስ ባህሪኻ እዩ ዝኸይድ**

ተቓላጢፉ ምስ ሰብ ዝፋለጥ፡ ምስ ኣጋይሽ ተራኺቡ ከዕልል ዝይሽግሮ ሰብ፡ ኣብ መገዲ ከይዱ ንዘይፈልጦም ሰብ ክምስክር ኣይሽግሮን። በቲ ሓደ ወገን ድማ ሓፋር ሰብ እንተደኣ ኮንካ ድማ ብህድኣት ናይ ነዊሕ እዋን ዕርክነትን ምሕዝንትን ፈጢርካ ንሰብ ንምምስካር ጸዓት።

ገለ ካብቲ ወንጌል ክትዝርግሓሉ እትኽእለሉ መገዲ ንምጥቃስ፡

ሀ.ንመሳርሕትኻ ወይ ጎረባብትኻ ኣብ ቤትካ ዓዲምካ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣርኢኻ ምምስካር።

ለ.መንፈሳዊ ጽሑፋት ወይ ካሴት ነዝማድ ወይ ነዕሩኽ ምሃብ።

ሐ.ንዝጸበቦም ብምርሃው

መ.ኣብ እዋን በዓላት ንስድራኻ ብፍቕርን ብለውሃትን ህያባት ብምሃብ ፍቕርኻ ክትገልጽ ምፍታን።

ስለዚ ክቡር ኣንባቢ ኣብ ውሽጥካ ከይቋረጽካ በዚ ሓሰብ፡ ጸሊ፣ ኣስተንትን፡ ንብጾትካ ሕተት። ኣምላኽ ድማ ከመይ ዓይነት መገዲ እንተገበርካ እዩ ስሉጥ ምዝርጋህ ወንጌል ከም እትገብር ከመልክተካ ምኳኑ ጥርጥር የለን።

## ዘረባና ይተዓረ

ክርስትያን ኩሉ ሓደሓደ እዋናት ነቲ ኣብ ደገ ዘሎ ክሳዕ ምርዳእ ዝኣብዮ ናትና ቋንቋ ምምዕባልና ኣይትረስዑ። ከም ኣገልገልቲ ወንጌል ግና ንሕና ዘረባና ነቶም ኣብ ደገ ዘለው ሰብ ግር ከብሎም ይኽእል ምኳኑ ተረዲእና ኩሉ ከም ዝርድኣና ጌርና እንተ ተዛረብና ንሰማዕትንና ካብ ምድንጋር ምተዓቀብና።

(ናብ ገጽ 6 ይቕጽል >>)

## ዕድል ኣይትሕለፍካ!

ወንጌላዊ ቢሊ ግርሃም ከምዚ ይብል፡

‘ኣብቲ ፕረሲደንት ጆን ኤፍ ኬኔዲ መራሕ ሃገረ ኣሜሪካ ዝነበረሉ እዋን ኣብ ልበይ ንዕኡ ብዛዕባ ምድሓን ነፍሱ ክምስክረሉ ሓደ ጾር ነይሩኒ። ሓደ እዋን ብኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ ሓደ ቦታ ተራኺብና ንምዕላል ግዜ ረኺብኩ። ግና ከም ኣጋጣሚ ኮይኑ ሽዑ ሰዓል ሓሚመ ስለ ዝነበርኩ፡ ብሕማም ከይልብዶ ስለ ዝፈርህኩ፡ ቀሪበ ኣዕሊለ ክምስክረሉ ኣይከኣልኩን። ካልእ እዋን ከም እንራኸብ ድማ ኣተስፈኹዎ እሞ ናብ ቤተይ ከድኩ።

ብድሕሪ እዚ ግና ንፕረሲደንት ኬነዲ ንኽምስክር ብዙሕ ዕድል ኣይረኸብኩን። እቲ ዘሕዝን ድማ ቁሩብ እዋን ጸኒሑ፡ እቲ መንእሰይ ፕረዚደንት ኣብ መባእታ ዕድሚኡ ተቐትለ። እንታይ ነይሩዎ’ስከ ሽዑ ጽምም ኢለ፡ ሕማመይ ረሲዐ፡ ብዛዕባ ምድሓን ነፍሱ እንተ ዝሓቶን፡ ወንጌል እንተ ዝሰብከሉን?’

*ክቡራት ኣንበብቲ ንሕና ሎሚ ብኹሉ ኣጋጣሚ ንኹሉ ሰብ ብትሕትናን ብዓቕልን ወንጌል ንምምስካር ኩሉ ኣጋጣሚታት ምጥቃሙ ሰናይ ተበግሶ እዩ። ምናልባሽ እቲ ሎሚ መንፈስ ቅዱስ ዘተሓሳሰበናን ክንምስክረሉ ዝዛረበናን፡ ዘሎ ጽባሕ ነቲ ኣምላኽ ንኽድሕን ዓሊሙዎ ዘሎ ሰብ ዘጋጥሞ ኣይንፈልጥን ኢና እሞ፡ ስለዚ ንንቃሕ እሞ። ንኹሉ ኣጋጣሚታት ድማ ንጠቐመሉ።*

■

# በዓል ቅያ

ራልፍ ላይትመር ኣሜሪካዊ መምህር እዩ ነይሩ። ንጎይታ ካብ ዝረክብ ጀሚሩ ወንጌል ንምስፋሕ ካብ ምሕሳብ ኣየቋረጸን። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ሓኪም ሕማም ሸኮርያ ከም ዘላቶ ምስ ነገሮ እሞ ድማ ብህይወት ንብዙሕ ከም ዘይጸንሕ ምስ ነገሮ፡ ዝተረፈ ዘበን ኣገልግሎቱ ናብ ሃገር ፔሩ (ላቲን ኣሜሪካ) ከይዱ ወንጌል ክነገር ወሰነ። ዘሎ ኩሉ ንብረቱን ትሕዝቶኡን ሸይጡ ድማ ናብታ ሃገር ከደ።

ራልፍ ኣብታ ሃገር ምስ በጽሐ ናብ ሁዋቻክ ዝተባህሉ ብሄር (ቀያሕቲ ህንዳውያን) ከይዱ ወንጌል ምንጋር ጀመረ። ግና እቲ ቀደም ዝጀመሮ ሕማሙ እናበርትየ ስለ ዝኸደ፡ ምንቅስቓስ ኣይከኣለን እሞ፡ ኣብ ቤቱ ኮይኑ ጥራሕ ነቶም ሰብ እታ ዝነበረላ ቁሸት ምጽላዩ ቀጸለ።

ራልፍ ነቶም ሰብ ምጽላይ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዝነበሮ መንፈሳዊ ጽሑፋት ምሃብ፡ ካብቲ ዘለዎ መግቢ ምክፋል፡ ንርእሱ ከይበቐቐ ድማ ኩሉ ክዳውንቱ ነቶም ህዝቢ ብልግሲ ምሃቦም ቀጸለ።

መብዛሕቶም እቶም ደቂ እታ ዓዲ ግና ኣሸንኳይዶ ንመልእኽቱ ክሰምዕዎ፡ ካብቶም መንእሰያት ሓያሎ ከላግጹሉን፡ ገሊኦም ድማ እምኒ ክድርብይሉን ጀመሩ። ንሱ ግና ሕጂውን ንዓኣቶም ምፍቃርን ወንጌል ምስባኽን ኣየቋረጸን። ሓደ እዋን ስሌኦም ተንበርኪኹ እናጸለየ ከሎ ብሽጋራ ክሳዱ ኣንደዱዎ።

ራልፍ ግና በቲ ዝበጽሖ ስደት ከይተዳህለ፡ ካብቲ ቀደም ዝነበሮ ፍቕሪ ከይነከየ፡ ኩላቶም ኽድሕኑ ምምናዩ ኣየቋረጸን እሞ፡ እናጸረፉዎን፡ እናሃረሙዎን ከለው እኳ ካብ ጅቡኡ ሓንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣውጺኡ ንሓደ ካብቶም ኣሳቀይቱ ሃቦ።

ራልፍ ብህይወት ከሎ ካብቶም ደቂ እታ ቁሸት ዋላ ሓደ ሰብ ናብ ጎይታ ኣይመጽኣን። ምስ ሞተ እሞ መዓልቲ ቀብሩ ምስ ኣኸለ ግና፡ ናብቲ መቓብር ብዙሓት ሰብ ካብቶም ደቂ ዓዲ መጹ፡ ሽዑ ሓደ ካብቶም ሽማግለታት፡ ብዛዕባ ራልፍ ዝዛረቡዎ ዘለዎም ነገር እንተሎ ነቲ ህዝቢ ምስ ሓተተ፡ ሂፖልቶ ዝተባህለ ሰብ ከይተደናጎየ፡ ‘ኣነ ክዛረብ ፍቐዱለይ’ በለ።

ምስ ተፈቒደሉ ድማ ‘ብሓቂ ራልፍ ዝነኣድ ሰብ እዩ ነይሩ። ሽሕ እኳ ንሕና እንተ ኣላገጽናሉ፡ ንሱ ግና ከይጸልኣና ሕነ ክፈዲ ድማ ከይደለየ ብሙሉእ ሓይሉ ኣፍቂሩና። ኩላትና ብዘይኣፈላላይ ድማ በዲልናዮ ኢና…’ ኢሉ ዘረብኡ ከይወደአ ከሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ናብ ህይወቱ መጸ እሞ ኩሉ ሰብ እናረኣዮ ሃለዋቱ ተቐየረ። ብቕጽበት መንፈስ ኣምላኽ ድማ ንልቡ ቀየሮን፡ ዳግም ድማ ተወልደ። ከይጸንሐ ንሱ ንስድራ ቤቱ ወንጌል ስለ ዝሰበኸሎም ዳርጋ ኩሎም ኣመኑ። ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት ድማ ንሱን ሓውን ጁዋንን ኮይኖም ካብታ ዝነበሩላ ቑሸት ጀሚሮም ንበዘላ ሃገር ወንጌል ሰበኹ።

እዚ ኩሉ ዝኾነ ራልፍ ነቲ ህዝቢ ብዘራእዮ ዘደንቕን ኣብነታውን ፍቕሪ ስለ ዝነበረ እዩ።
ንሕናኸ ካብዚ ዛንታ እንታይ ንመሃር?
ምንጪ (Louise J. Walker. Evangelism Today. Springfield; Global University, 1999) ■


# ወፈራ ወንጌል ኣብ ፓኪስታን

ኣብ ሃገር ፓኪስታን ኣብ እንገብሮ ናይ ወንጌል ወፈራ ብዙሓት ከም ዝተፈወሱ ከይገረመና ኣይተረፈን። ኣብ ሓደ ቦታ ልዕሊ 1000 ኣኼባ ተኻፊሎም ምንባሮምን ካብዚእቶም ድማ ብዙሓት ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ከም ዝነበሩን ምስ ረአና ገረመና።
ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና ካብቶም ኣብታ ሃገር ብኣገልግሎት ወንጌል ዝተሓጋገዙና ፓስተራት ሓደ ዝሰደደልና ጸብጻብ ነቕርበልኩም።
እቲ ፓስቶር ከም ዝጸሓፎ ከይኣረምና ኣቕሪብናልኩም ኣሎና። ምናልባሽ ብዙሕ ናይ ሰዋስውን፡ ቃላትን ጌጋታት ምስ እትረኽቡ፡ ባዕልኹም እናኣረምኩም ክተንብቦዎ ብዓቢ ትሕትና ንሓተኩም።

**MOVE OF GOD'S POWER IN PAKISTAN**
**(Short report)**

**Speaker: Pastor Samson Tesfay.**


**Evangelist Samson M. Tesfay Came to Pakistan in Sep. 2007 to preach the Gospel.**
**Meetings were arranged in different places in cities and villages. In these meetings while Pastor Samson preach and prayed for sick and needy people we experienced healings, submission , prophecy, miracles and wonders due to powerful move of the Holy Spirit through His servant Pastor Samson Tesfay.**
**Few Testimonies are given below:-**




**1. Martha Arif:- ( An hospital employee) she had a road accident. Couldn't walk and stand on her foot due to severe pain in her both legs , back and head , Pastor Samson anoint her with oil and prayed for her. She was able to stand on her foot and after few days she joined her duty by the grace of God .**



**2. Sarah Salem (school girl)**
**Sarah had skin disease from last one year spent much money and was fade up from medicine many time she uses to cry her parents were worried God completely healed her instantly when Pastor Samson lay upon his hand on Sarah she had no more skin disease glory to God.**



**3. Albert (computer operator)**
**Albert is working in a advertising company he has to work on computer for long time daily he had infection in his both eyes he gave much money to eye specialist but all in vain ,Now after pray he left all medicine God healed him. Glory to His name**



**4. Mukhar Masih (kidney patient}**
**Mukhtar Masih had swear infection and pain In his both kidneys he was admitted in hospital when his wife came in meeting in the Church She requested to pray for her husband Pastor Samson prayed in the church and God healed Mukhtar Masih in the Hospital next day Mukhtar Masih was discharged from the hospital. He has no kidney problem now praise the Lord.**



**5. Halima Munwer**
**Holliman had back pain from more than last one year she could hardly walk Pastor Samson laid upon his hand and prayed she was instantly get well and next day she came in meeting and told that she was able to walk five mile as a morning walk . It was really a big miracle. Glory to God.**

**A lady**
**Pastor Samson has her picture in his own camera she is a pastor's relative she had pain in her head she was instantly healed after pray.**
**There were many prophecies miracles and wonders witch were not recorded.**

**My God bless Samson and his family and flourish his ministry for Glory of our Lord Jesus Christ.** ■

*(ምዝርጋሕ...ካብ ገጽ 3 ዝቀጸለ)*

**ገለ ካብቲ ንሕና እንጥቀመሉ ቋንቋ እሞ ንካልኦት ግር ዘብሎም ቃላት ንምጥቃስ፡**



**‘ዓለማዊ’**
**‘ናብራ ግብጺ’**
**‘ነፍሳት’**
**‘ኣህዛብ’**
**‘ጎይታ ተቐበል’**
**‘ተናገፍ’ ወዘተ... ዝብሉ ይርከቡዎ።**

**ካብዚ ኣርእስቲ ከይወጻእና፡ ንኣብነት ገለ እዋናት ክንዛረብ ከሎና፡**

**<u>‘ኣብ ግብጺ ከለኹ</u>’ ንብል እሞ፡ ነቲ ዘይፈልጥ ሰማዒ እታ ‘ግብጺ’ እትብል ቃል መንፈሳዊ ትርጉም ዘለዋ ዘይኮነትሲ፡ ናይ ሓቂ እታ ምድራዊት ግብጺ ዝመስሎ ሰብ ውሑድ ኣይኮነን። እምበርከ ንፋዕ ወንጌላዊ ዝበሃል ንሰብ ብቐሊሉ ብዝርድኦ ቋንቋ ዝዛረብ እዩ።**

**መብዛሕቶም ካብቶም ሰማዕትና፡ ‘የሱስ ክርስቶስ’ ኢልና ክንዛረብ ከሎና ግር ይብሎም እዩ። ገሊኦም እሞ፡ ንሱ ናይ ‘መንፈሳውያን’ ኣምላኽ እዩ ዝመስሎም። ስለዚ ክንምስክር ከሎና ክሳዕ ዝርድኦም ነዚ ሽም እዚ ብ <u>‘መድሃኔ-ኣለም</u>’ ዝብል ቃል እንተ ተካእናዮ እንታይ ይመስለኩም? ስለዚ ኩላትና ኣገልገልቲ ቃላትናን ሕሳባትናን ንኹሉ ከም ዝርድኦ ጌርና ካብ ምቕራብ ዕሽሽ ኣይነበል።**

## <u>ድልድል ይፍረስ</u>

**ደልድል ናይ ዘይምርድዳእ እነፍርሶ ንሕና ኢና። ኣብ ሞንጎናን ኣብ ሞንጎ እቶም ሰብ ደገን ናይ ኣረኣእያን ናይ ቋንቋን ፍልልይ ከም ዘሎ ርግጽ እዩ። ነዚ መፍትሒኡ ድማ ናትና መንፈሳዊ ምስትውዓል የድሊ።**

**ምስቶም ኣብ ደገ ዘለው ሰብ ብጥበብ ብምምልላስ ብናብራና ክንምስክር ንኽእል ኢና። ‘ጨዋነት’ ናትና**

*(ናብ ገጽ 7 ይቅጽል >>)*

## <u>ገለ ካብቲ ዝገረመኒ</u>

ገሌና ብዛዕባ ወንጌል ንመሃርን፡ ንጽልን፡ ወንጌል ንምዝርጋሕ ግና ዓቐበት ክኾነና ከሎ፡

መስቀል ምጻር ተመዲቡልና ከሎስ ‘ሰብ እንታይ ክብሉኒ?’ ብምባል ካብ ምስክርነት ክንሃድም ከሎና፡

ገለ ኣገልገልቲ ‘ምምስካር እኳ ንወንጌላውያን እያ! ኣነ ግና መዘምራን ኣየ!’ ብምባል ካብ ሓላፍነት ክሃድሙ ከለው፡

ገለ ድማ ብዓቢ ምስትንታንን ሓበንን ‘ኣምላኽ ይብጽሓዮም ባዕሉ እምበር ናይ ዝመስከርካ መዓስ ኮይኑ!’ ኢልና ኣብ መዓልቲ 3 ሰዓት ቴሌቭዥን ክንርኢ ከሎና፡

ገሌና ገርህታት ድማ፡ ‘ኣብዚ ዓዲ እኳ ሰብ ወንጌል ኣይሰምዕን እዩ! ኢልካ ብምሕሳብ፡ ጥበብ ተማቢብና ንሰብ ዘይምምስካርና፡

ሓድ-ሓደ ክርስትያናት ድማ ‘ኣነ እኳ ሽግረይ ምስ ተፈትሐ ክምስክር እየ። ሕጂ ግና ብዛዕባ ርእሰይ ደኣ ክጽሊ...’ ብምባል፡ ካብ ምዝርጋሕ ወንጌል ምህዳሞም፡

ጎይታና ‘ኪዱ ወንጌል ስበኹ’ ኢሉ ከንሱሲ ኣብ ቤተክርስትያን ኮይንና ባዕላቶም እቶም ዘይኣመንቲ ከመጹና ምጽባይና፡

ብመንፈስ ቅዱስ ዝተጠመቕናሲ ወንጌል ክንሰብከሉ እምበር መንፈሳዊ ሙቐት ክስመዓና ጥራሕ ከም ዘይኮነ ዘየምስትውዓልና፡

ከም ባዓል ሃዋርያ ጳውሎስ ማኪና፡ ወይ ነፋሪት፡ ወይ ቤት ማሕተም፡ ወይስ ቴሌቪዥን ዘይነበሮም ክነሶምሲ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት ንብዘላ ዓለም ብወንጌል ክበጽሑዋ ከለው፡ ኣብ ዘበንና ግና ምስቲ ኩሉ ዘመናዊ ናውትና ወንጌል ንኹሉ ምብጻሕ ዘይምኽኣልናስ እንታይ ትብልዎ? ■

(ምዝርጋሕ ...ካብ ገጽ 6 ዝቀጸለ)

ነቶም ሰብ ደገ መንፈሳዊ ጽምኢ ኣሕዲሩ፡ መንፈሳዊ ማይ ካናድዩ ናባና ከም ዝመጹ ኣይትጠራጠሩ። ንዝተሸገሩ ከነርሀ፡ ንዝጸበቦም ተገዲስና ክንሕግዝ ከሎና፡ እዚ ባዕሉ ናይ ፍቕሪ ቋንቋ ምኳኑ፡ ጥራሕ ዘይኮንስ፡ እቲ ሰናይ ግብርናን ተወፋይነትናን ሓደ ዓቢ መሳርያ ናይ ፍቕሪ እዩ እሞ፡ ከምዚ ብምግባርና ልቢ ሰማዕትና መሲጥና ንወንጌል ከም እነዳልዎም ጥርጥር የለን።

## መንግስቲ ኣምላኽዶ ወይስ...

ወንጌል እንምስክር ሰብ ናብ ቤተክርስትያንና ንኽመጽእ እሞ ናትና ቤተክርስትያን ንኽትዕምር ጥራሕ እንተ ኮይኑስ፡ ዓቢ ክሳራ እዩ። ጸዕርና ሰብ ካብ ሲኦል ክናገፍ እሞ መንግስቲ ኣምላኽ ንኽትሰፍሕ ጥራሕ ይኹን።

## መጽሓፍ ዘይምፍላጥ፡ ክሳራ!

ዕውር ንዕውር ክምርሖ? ከመይ ኢሉ? ወንጌላዊ ትጉህ ዓያዪ እንተ ዘይኮኑስ ክሳርኡ ዓቢ ምኳኑ ኣይሰወርኩም። ቃሉ ኣብ ውሽጥና ዓቂርና ምስ ዓቀብናዮ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ሰይፊ ዝኾነ ቃል ኣምላክ ናብቲ ልቢ ዘይኣማኒ ሰብ ይውንጭፎ እሞ እቲ ሰብ ልቡ ይውጋእ። ስለዚ ንቓሉ ኣጸቢቕካ ፍለጥን ብቓልካ ልመዶን።




ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ መዓልቲ ጴንጠ ቈስጠ ምስ ሰበኸ፡ እቶም ዝሰምዑዎ ልቦም ከም ዝተወግአ ንዝክር። ንሱ ካብ ብሉይ ኪዳን ቃል

(ናብ ገጽ 8 ይቕጽል >>)

## ንሓደ ጥራይ ናብ ጎይታ ብምምጻእካ ተስፋ ኣየቑርጽካ!

*ኮርያዊ ፓስተር ዮንጊ ቾ ናብ ጎይታ ከመይ ኢሉ ከም ዝመጸ ከምዚ ክብል ይዛረብ፡*

ኣብ 1950ታት ኣብ ኮርያ ብሰንኪ እቲ ውግእ ዝነበረ ናይ ቁጠባ ቅልውላው፡ ብዙሕ ሰብ ኣብ ሽገር ተደርበየ። ኣነ ድማ ካብዚ ብዘይፍለ ሕማም ዓባይ ሰዓል ሒዛትኒ ክሳቐ ጀመረኩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ ብዙሕ ግዜ ገበርኩ። ካብ ድኽነትይ ዝተላዕለ ዝበልያን ዝሰትዮን ሲኢነ ኣብ ብርቱዕ ስቓይ ምውዳቐይ ዝረኣየት ሓንቲ መንእሰይ ጓል፡ ከይሰልከየት ናብቲ ዝነበርኩዎ ቦታ መጺኣ ክትኣልየኒ ምስ ጀመረት ድማ ገረመኒ።

ከይጸንሐት ድማ ብዛዕባ ሓደ 'የሱስ ክርስቶስ' ዝበሃል ሰብኣይ ክትነግረኒ ዘይደኸማ ምንባሩ እውን እቲ ካልእ ዘገረም እዩ።

ኣነ ግና ብወገነይ ኣብታ ቶንኮበት ዓራተይ እናተጋላበጥኩ፡ 'ስምዕኒ እንዶ እዛ ሓብተይ፡ የቐንየለይ ብዛዕባ እቲ ኩሉ ሓልዮትኪ። ኣነ ግና ናተይ 'ቡዳሃ' ዝባሃል ምምህር ሓቂ ኣሎኒ፡ እዚ ንስኺ እትብልዮ ዘሎኺ 'የሱስ' ግና ካብ ሃይማኖት ኣቦይን ኣደይን ኣርሒቑ ዝወስድ ሰብ ምኳኑ ጥርጥር የለን። ስለዚ ብኽብረትኪ ነዚ ዘረባኺ ግደፍዮ' በልኩዋ።

ንሳ ግና ክዕጀባ ድዩ'መስለኩም? ደጋጊማ ብዛዕባ እቲ ሰብኣይ (ማለት የሱስ) ምንጋራ ኣየቋረጸትን። ኣነ ድማ መሊሰ ልበይ ኣትረርኩላ። ድሕሪ ብዙሕ ምክርኻር ግና፡ ስለ ዝደንገጸትኒ ነቲ ንሳ ዝሃበትኒ መጽሓፍ ምንባብ ጀመርኩ።

እቲ ንሳ ዝሃበትኒ መጽሓፍ ግና፡ '...እከለ ንእከለ ወለደ...' ዝብል ጽሑፍ እምበር ብዙሕ ቁም ነገር ኣይነበሮን። ስለዚ ካብ ምንባብ ኣቋረጽኩ። ንሳ ግና ንጉሆ ንጉሆ ተተመላሊሳ ብዛዕባ እቲ ሰብኣይ (ማለት የሱስ) ምዝራባ ኣየቋረጸትን እሞ፡ ኣነ ድማ ብዙሕ ከይጸናሕኩ ጐይታ መን ምኳኑ ፈሊጠ። 'ኣምላኽ ስለቲ ናይ'ዛ ጓል ተወፋይነትን ጽንዓትን ኩሉ ሳዕ ኣመስግኖ'።

ሎሚ ፓስተር ዮንጊ ቾ ዘገልግላ ቤተክርስትያን ኣስታት ሓደ ሚልዮን ኣባላት ዘለውዋ ኮይና፡ ካብ ዓለም ድማ እታ ዝዓበየት ቤተክርስትያን እያ ንሱ ዝመርሓ ዮይዶ ምሉእ ወንጌል ቤተክርስትያን ትበሃል።

እቲ ንሕና ሎሚ ወንጌል እንሰብከሉ ሰብ፡ ጽባሕ እንታይ ከም ዝኸውን እንታይ ትፈልጡ? ስለዚ ኣጆና ኣይነሰልኪ! ■

(ምዝርጋሕ …ካብ ገጽ 7 ዝቀጸለ)
ኣምላኽ ጠቒሱ ብምስባኹ ኣብ መወዳእታ ልቢ ሰሚማዕቱ ብሰይፊ ቃል ኣምላኽ ልቦም ተወግአ እሞ ተረትዑ። ስለዚ ድማ ብሓደ መዓልቲ ኣስታት 3000 ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ተጸንበሩ።

## ኣይትካታዕ

ክትዕ፡ እወ ርሱን ክትዕሲ፡ ዓውዓውታ ፈጢሩ፡ ንሰማዕትና ንስምዒቶም ኣርሲኑ፡ ንወንጌል ካብ ምስማዕ ከም ዝኽልክሎ ተረዲኣካ፡ ካብ ክትዕ ኣምልጥ። ብጥዑም ዘረባ፡ ልዙብ መልሓስ፡ ንርሱን ክትዓት ግዳ ኣዝሕል።

ንክርክር ኩሉ ብትሕትናን ብብርቱዕ ዓቕልን ኣህዲእና ንሰብ ፍቕርና ንግለጸሉ። ምስ ጸረፉና ኣብ ክንዲ ብዕጽፊ ንጻረፍ፡ ባሪኽና፡ ምስ ተኻትዑና ድማ፡ ሎሚ ፈሊጥና ተረቲዕናሎም ምኻድ ጽባሕ ንዓቢ መኽሰብ ከም ዘሕጸናዮም ንፍለጥ።



## ህዝብና ኣረሜን ኣይኮነን

መብዛሕትኡ ህዝብና ኣረሜን ኣይኮነን። ስለዚ ንሕና ከም '**ክርስትያን**' ንሳቶም ግና ከም '**ኣረሜን**' ጌርና ኣይነስተናዕቆም። መብዛሕትኡ ካብ ህዝብና ኣፍልጦ ብዛዕባ ኣምላኽን፡ የሱስ ንምንታይ ከም ዝሞተን፡ ንምንታይ ከም ዝምለስን ወዘተ… ይፈልጥ እዩ።

ስለዚ ክንምስክር ከሎና ኩላትና ንሕናን ንሳቶምን ሓደ ከም ዝኾንና፡ ንሕና ግና ብጸጋ ኣምላኽ ከም ዝደሓንና፡ ንሳቶም ድማ ከማና፡ እንተ ደኣ ኣሚኖምሲ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣትው ከም ዝኽእሉ መገዲ ሓቢርና፡ ዝብልዎ ኩሉ ሰሚዕና፡ ዘለዎም እምነት ኣኽቢርና፡ ንሃይማኖቶም ከየሰተናዓቕና ኢና ወንጌል እንሰብኽ። ከምዚ ምስ እንገብር ብፈለማ ኣቓልቦኦም ማሪኽና፡ ብምስዓብ ልቦም ንምልዋጥ ነሕጾዮም ከም ዘሎና ኣይትጠራጠሩ።

## ምኹናንሲ፡ ጌጋ ደኣ

ኣምላኽ እዩ ንኹሉ ልቢ ዝምርምር፡ ንሕና ድማ መንፈሳዊ ዳኛነት ኣይተቐበልናን እሞ፡ ተቓዳዲምና ኣብ ልዕሊ ሰማዕትና ቃላት ፍርዲ ምዝራብሲ፡ መወዳእታኡ ጽልኢ እምበር፡ ብመንፈስ ቅዱስ ዝርታዕ ሰብ ዘይርከብ ምዃኑ ዘኪርና፡ ፍርዲ ንኣምላኽ ገዲፍና ብምሕረት ነሕዋትና ንቕረቦም።

እንተ ዘይኮነስ ካብቶም ግቡዛት ፈሪሳውያን ብምንታይ ክንፍለ ኢና?

## ሙዚቃ፡ ዓቢ ንዋት

ህዝብና ኣዝዩ ሙዚቃ ዝፈቱ ምዃኑ ፈሊጥና ብዝተኻእለ መጠን ክንምስክር ከለና ናይ መዝሙር ካሴት እንተ ሓዝና ከም ኣድላይነቱ ድማ ነቶም እንምስክረሎም ሰብ ብናጻ እንተ ዓደልና እዚ ከም ዓቢ ድልድል ናይ ወንጌል ክኸውን ስለ ዝኽእል ፈሊጥና በዚ ንሕሰብ።

ኣብ ገዛ ኣሕዋትና ኣቲና ግና ነቲ ናይ ደርፊ ካሴት ናብ ጓሓፍ ምእታውሲ፡ እንታይ ይበሃል? …

## ስእሊ ቅዱሳን

ብሩኻት እሕዋት ኣብ ቤት ካልኦት ኣቲና ነቲ ንሳቶም ብኣኽብሮት ዝርእይዎ ስእልታት ናይ ቅዱሳን፡ (ገና ናብ ምድሓን ከይመጹ ከለው)፡ ምቕዳድን፡ ምንሻውንሲ፡ ቅኑዕ ግብሪዶ ትብልዎ?

## ድቃስ ትኻስ

ንድቃስ ትኽስታ ንፈነዎ። ሎሚ ወንጌል ንምንጋር ሳእንካ ኣእትዎ። ዓራት ምቕት ንድኹማት እምበር ንዓኻ ኣይኮነን። ስለዚ ሕጂ ተንስእ፡ ንምፍዛዝ ኣፍዚዝካ፡ ንድኽነት ኣዝቢልካ? ንትህኪት ረሚስካ፡ ኣሳእን ወንጌል ወዲኻ፡ ንኽበሮ ኣዒንትኻ ድቃስ ክሊእካ ሎሚ ወንጌል ንምዝርጋሕ ተመዘዝ።

## ናይ ህይወትኩም ምስክርነት ቀንዲ ንጡፍ

(ናብ ገጽ 9 ይቕጽል >>)

**'ምድላይ፡ ምኻድ፡ ዘይምድቃስ ካብ ቦታኻ ምልቃቕ ብዙሕ ምስቃቕ ምጽዓር ምስ ሰደት እዚ ኩሉ ብቑዕ ወንጌላዊ ከም ዝገብረካ ኣይትረስዕ' (ሓደ ወንጌላዊ)።**

*(ምዝርጋሕ ... ካብ ገጽ 8 ዝቀጸለ)*

## መሳርያ እዩ።

ምስክርነትኩም ኣሕጽር ኣቢልኩም ቀደም ከመይ ዓይነት ህይወት ከም ዝነበረኩም፡ ሕጂ ግና ሳላ ክርስቶስ የሱስ ከመይ ዓይነት ህይወት ከም ዘለኩም ምዝራብ ዓቢ ነገር እዩ።
**ኣብ ቤተክርስትያን ዝምስክር ሰብ ነዘን ነጥብታት የስተውዕለለን።**

- *ምስክርነት ማለት ስብከት ኣይኮነን፡*
- *ምስክርነት ማለት መዝሙር ምዝማር እውን ኣይኮንን።*
- *ምስክረነት ማለት ጸሎት ኣብ ቅድሚ ጉባአ ኮንካ ምጽላይ እውን ኣይኮነን።*

ምስክርነት ማለት፡ ሓጺር ዛንታ ህይወትካ ምዝራብ ኮይኑ፡ ቀደም ከመይ ከም ዝንበርካ፡ ሕጂ ግና ሳላ ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ኣምላኽ ከመይ ገይሩ ከም ዘለወጠካ፡ ሎሚ ድማ ኣብ ከመይ ዓይነት ህይወት ከም ዘለካ ንሰብ ምንጋር ማለት እዩ።



## ወንጌል ዝዘርግሕ ሰብ ከምዚ እንተ ዝኸውን መን ምሃበ?

**ኣዘራርብኡ እዱብ…**
**ትዕግስተኛ**
**ክዳኑ ጽሩይ**
**ብዙሕ ዘይዛረብ፡ ንሰብ ግና ንኽዛረብ ዕድል ዝህብ**
**ብዙሕ ዝሓትት**
**ዝይካታዕ**
**ሊጋስ**
**ቅድሚ ምምስካሩ ፍቓድ ዝሓትት**
**መንፈሳዊ ደረጃ ናይ ሰብ ኣበይ ከም ዘሎ ዝፈልጥ**
**ኩሉ እዋን ድሉው ሰብ**
**ሕጉስ፡ በዓል ፍሽኽታ**
**ከየባተኸ ዝጽሊ**
**እንተ ዝኸውንሲ መን ምሃበ?**

## ተዓጻጸፍ

ልብኻ ብፍቕሪ ስብ እንተ ቐጺጹ፡ ንኹሉ ከም ኩሉ ንምኳን ኣይከብደካን እዩ።

ብዝቐርበልካ ሕቶን ብድሆታታን ከይሰንበድካ፡ ብትዕግስቲ፡ ብኹሉ ዓቕሊ ሓጥያት ብዘይኮነ፡-
*ምስ ሰብ ደገ ተቓራሪብካ፡*
*ምስ ዓቢ ዓቢ፥*
*ምስ ንእሽቶ ንእሽቶ፥*
*ምስ ለባም፡ ከም ለባም፥*
*ምስ ዝተማህረን ንዓኡ መሲልካ*
ብርሃን ወንጌል ዘርግሕ።
ሽዑ ንብዙሓት ዓሳ ንምግፋፍ ብቕዓት ክትረክብ ኢኻ!

## ኣምባሳደር ከመይ ይዛረብ? ወይ ይኸደን?

ነቶም እንምስክረሎም ሰብ ብሓጺሩ 'ንዓና ምሰሉ' ኢልና ኢና እንዛረቦም ዘሎና። መንፈሳዊ ዘይኮነ ሰብ፡ ንካልእ ሰብ ዝግምቶ፡ ብውሽጣዊ ጸጋታት ሰብ ዘይኮንስ፡ በቲ ዝርአን ደጋዊ ነገር ምኳኑ ፈሊጥና፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣዛራርባና ረዚንን፡ ምቕሉልን፡ ልዙብን፡ ትሑትን እንተኾነ ይምረጽ።

ብተወሳኺ ንሰብ ክንምስከረሉ ከሎና እቲ ሰብ ብልቡ፡ 'እነ እኳ እንተ ተለዊጠ ከምዚ ሰብ እኳ እየ ክኸውን።' ምባሉ ዘይተርፎ ስለ ዝኾነ ኣዘረርባና፡ ኣካይዳና፡ ኣለባብሳና ኩሉ ይተዓራረ። ንምኳኑ መንዩ 'ክርስትያን ምኳን ፋራ ምኳን እዩ' ዝበለ?

## ዘርባና ምስ ግብርና፡ ማዕረ ማዕረ

ሎሚ ንሕና ብሰብ ደገ ብሓጥያት ክንሕመሲ፡ ዓቢ መንፈሳዊ ጸገም ኣሎና ማለት እዩ። ሰብ ናብ ጎይታ ንኽይመጽእ ዕንቅፋት ካብ ምኳንሲ ሞት ይሓይሽ። እዚ ከይኣክል ድማ ንሰብ ባዕልና ምሩኻት ሓጥያት ከሎናሲ ካብ ኣርዑት ሓጥያት ክነንግፎም ምጽዓትናሲ ዝጋፎ፡ ኣዝዩ ዝጋፎ ተግባር እዩ እሞ ንሕሰበሉ።

■

**ኣነ እኳ ብወገነይ ካብዞም ኣገልገልትና ን24 ሰዓት ጥራሕ ናብ ሲኦል ኣብጺሐ እንተ ዝመልሶም ከመይ ዝመሰሉ ወንጌላውያን ምኾኑ ይመስለኩም?'**
**(ጀነራል ዊልያም ቡት)።**

## ትፈልጡዶ ?

**ትፈልጡዶ?**
ገለ ሰብ ከምዚ ዝብል ኣረዳድኣ ኣለዎም፡ 'ወንጌል ብአፍካ ምምስካር ኣየድልን። ዘድልሲ፡ ነቲ እትአምኖ ብህይወትካ ምንባርን፡ ምርአይን እዩ!' ይብሉ እሞ፡ ንዋላ ሓደ ካብ ምምስካር ይዕቀቡ። 'እሞ ሰብ ነዚ ጽሩይ ህይወትኩም ርእዩ ክንደይ ሰብ ናብ ጎይታ መጸ?' ምስ ተባህሉ ግና መልሲ የብሎምን። ቃሉ ከም ዝምህሮ ግና፡ እዚ ምግባር (ምንባር) እቲውን ዘይምሕዳግ (ምንጋር)! ብምባል ምዕዶና ንልግስ።

**ትፈልጡዶ?**
ካብ መጀመርታ ምስ ደሓንና ምምስካር እንተ ዘይለሚድና፡ ኣብ ቤቱ ብዙሕ ጊዜ ምስ ጸናሕና፡ ንምምስካር ዓቐበት  ከም ዝኾነና።

**ትፈልጡዶ?**
'ምምስካር' ማለት እኳ ብዙሕ ኣይተኸብዱዎ። ወንጌል ምዝርጋሕ ማለት ብሓጺሩ፡ ምስ ሰብ ደገ ግዜ ዓዲግካ ምዕላል፡ ምዝታይ፡ ሻሂ ብሓባር ምስታይ፡ ምሕዝነት ምፍጣር፡ ማለት እዩ።

**ትፈልጡዶ?**
ምምስካር ሓደ ካብቲ ቀንዲ ናይ መንፈሳውነትና ዋዒ መዐቀኒ መገዲ ከም ዝኾነ።

**ትፈልጡዶ?**
ዝምስክር ሰብ ካብ ካልእ ዓይነት ሰብ ንላኦዕሊ ሕጉስ ከም ዝኾነ? ምስጥር ናይዚ መስካሪ ብመንፈስ ይወልድ ስለ ዝኾነ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ቤት ሓራስ ሓጎስን ዕልልታን ዝኸውን፡ ኣብ ልቢ እቲ መስካሪ ድማ ከምኡ፡ ተዋዳዳሪ ዘይብሉ ሓጎስን ዕልልታን ስለ ዝኸውን እዩ።

**ትፈልጡዶ?**
ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሓደስቲ ኣመንቲ ዘይትውስኽ ቤተክርስትያን፡ ገለ መንፈሳዊ ሕማም ስለ ዘለዋ ክትከውን ስለ እትኽእል፡ ካብ መንፈሳዊ መኻንነት ንምንጋፍ፡ ብንስሓን ርእስና ብምምርማርን ናጻ ንውጻእ። ■



# ሕመረት ቃላት መልእኽቲ ወንጌል

ወንጌል ክንዝርግሕ ከሎና ኣዚና ክንሓስበሎምን ክንጸቐጠሎምን ዘሎና ሓሳባትን ሓቅታታን ከምዚ ዝስዕቡ እዮም።

**ሓጥያት**
ወንጌል ዝሰብኸ ሰብ ብፈለማ ብዝዕባ ሓጥያትን ጽድቅን ናይ ዘልአላማዊ ፍርድን ፍቕሪ ኣምላኽን ክዛረብ ናይ ግድን እዩ።

**ሳዕቤን ሓጥያት**
ዓስቢ ሓጥያት እንታይ ከም ዝኾነን ምላሽ ኣምላኽ ንሓጥያት እንታይ ከምዝኾነን ንገር።

**መስቀል**
ብምስዓብ ድማ ማንነት መስቀልን ሓይሉን ደም ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ተዛረብ።

**ናጻ ምርጫ ሰብ**
ናይ ሰብ ናጻ ምርጫ፡ ነቲ ዝሞተን ዝተንስአን የሱስ ክርስቶስ እንተ ሲዒቡ ናይ ዘልአለም ህይወት ክረክብ ከም ዝኽእል ምንጋር ሓልፍነትካ እዩ።

**ሳዕቤን ምርጫ**
ንወንጌል ኣዎንታዊ ምርጫ ምሃብ ዝጠልቦ በረኸትን፡ ብአንጻሩ ድማ ነዚ መልእኽቲ ወንጌል ምንጻጉ ዘስዕቦ ፍርድን እንታይ ምዃኑ ንሰማዕትና ብፍቕርን ዓቢ ለውሃትን ምንጋር ድማ ጽቡቕ ኣቀራርባ መልእኽቲ ወንጌል እዩ።

**ቅድቂ ኣምላኽ**
ኩሉ ሰብ ምሕጣኡን ሓደ እኳ ጻድቕ ከም ዘየሎን፡ ንክርስቶስ ኣሚኑ ዘይተቐበለ ድማ ገና ኣብ ሓጥያት ምዃኑን፡ ሰብ ኩሉ ድማ ብገዛእ ርእሱ ክጸድቕ ከም ዘይክእልን ናይ ምንጋር ሓላፍነት ኣሎና።

**ናይ ዘልአለም ፍርዲ**
ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ምድሪ ከሎ ብዝገበሮ ግብሪ ኣብ መወዳእታ ዘበን ክፍረድ ከም ዝኾነ፡ ንኹሉ ክነገር ናይ ግድን እዩ።

■


**እቶም ሓሙሽተ ኣገልግሎታት  ነዚ ይመስሉን ይገብሩን ይምህሩን**
**The Five-fold Ministries**

| | |
|---|---|
| ጳውሎስ ሃዋርያ________ | ሰራቲ ጀማሪ፡ ኣቦነት፡ ኩልንትናዊ። |
| ኣጋቦስ ነብይ________ | ኣጻናናዒ፡ ኣቕሳኒ፡ ረአዪ፡ መንፈሳዊ። |
| ፊሊጶስ ወንጌላዊ________ | ሳእኒ፡ ተጎዓዚ፡ ተንቃሳቓሲ፡ ጠሓሲ። |
| ዮሃንስ ጓሳ________ | ሓብሓቢ፡ ኣካቢ፡ ጠርናፊ፡ ኣዕራፊ። |
| ኣጵሎስ መምህር________ | ቃላዊ፡ ብዓል ኣእምሮ፡ ተጣባቢ፡ እዝራዊ። |

# ቃል መሕትት ምስ ነብዩ ዮናስ

ነብዩ ዮናስ መብዛሕትና ከም እንፈልጦ ኣብ ዘበኑ ዓቢ ነብዪ ከም ዝነበረን፡ ንብዙሓት ንደቂ ሃገሩ ድማ ንምጽንናዕ ከም ዝኾነን መጽሓፍ ቅዱስ ይዝቲ። ንሱ ኣብ ንንጉስ ዮሮብዓም (ዳግማዊ) ዶባቱ ከም ዝሰፍሕ ዝተነበየሉን፡ ሰብ ነበረ ኣሞ ከምቲ ንሱ ዝበሎ ድማ ንምስትርሓይ ብዙሓት ከም ዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። እዚ ንህዝቡ ንንጉስን ንምጽንናዕ ዝኾነ ሰብ ብጀካ ኣብ ሃገሩ ኣብ ካልእ ቦታ ብምኻድ ድማ ወንጌል ከም ዝሰበኸ ተጻሒፉልና ኣሎ (2ነገስት 14፡25)።

ነብዩ ዮናስ ካብቲ ህይወቱን ኣገልግሎቱን ሎሚ ንዓና ዝምህረና ብዙሕ ንገር ምህላው ርግጽ ነገር እዩ። እምበርከስ ገለ ካብቲ ምስኡ ዝተዛራረብናሉ ነገራት ብቓለ መሕትት መልክዕ ጌርና ኣቕሪብናልኩም ኣሎና።



## ገንዘብ ስለ ዘይነበሮ ጎሃየ

ሃብታም ጀርመናዊ እዩ ዝነበረ። ሽሙ ሽንድለር ይበሃል። ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ሂትልር ንኹሎም ኣይሁዳውያን ምጽናቱ ቀጸለ። እንተኾነ ግና፡ ወትሃደራት ጀርመን፡ ነቶም ኣይሁዳውያን ብጥይት ጥራሕ ምርሻን ከምቲ ዝሓሰቡዎ ንብዙሓት ስለ ዘይህለቑ፡ ኣብ ክንዲ ብጥይት ምጥቃም፡ ነቶም ንጹሃት ኣይሁዳውያን ናብ እቶን ናይ ጋዝ ምድርባይ መረጹ።
ኣብቲ እዋን እቲ ሽንድለር በቲ ኣይሁዳውያን ዝሃልቅዎ ዝነበሩ መግደራ ስለ ዝተሻቀለ፡ ብሓሳቡ 'ገለ ነገር ክገብር ኣሎኒ' ብምባል፡ ነቲ ኣብ ባንክ ዝነበሮ ገንዘብ እናውጽኣ፡ ነቶም ጀርመናውያን ጉቦ ብምሃብ፡ ነቶም ኣይሁዳውያን ካብ ሞት ክብጀዎም ጀመረ። እንተኾነ ግና ድሕሪ ቁሩን እዋን፡ ገንዘቡ ፡ተወድኣ። ንሱ ግና በዚ ኣየእከለን፡ ሃብታም ስለ ዝነበረ ፋብሪካኡ ሸይጡ፡ ነቶም ንሞት ዝተወፈዩ  ሰብ፡ ገንዘቡ ከፊሉ ክብጀዎም ጀመረ።
ኣብ መወዳእታ ግና ኩሉ ንብረቱን ዝርካቡን ተወደአ። ኣብ ጥቓ ምዝዛም እቲ ውግእ ኩሉ ዝነበሮ ንብረቱ ስለ ዝተወደአ፡ ከምቲ ዝሃቀኖ ንብዙሓት ክብጆ ብዘይ ምኽኣሉ መሪር ሓዘን ወረሶ። ንበረት ወይ ገንዘቡ ነድዩ፡ ሓንቲ ዋጋ ክተውጽእ እትኽእል ገሩ መርዓ ቀለቤቱ ነበረት።
ሽንድለር ግና ከምዚ ክብል ይዛረብ፡ 'ምናልባሽ እዛ ናይ መርዓ ቀለቤተይ ሸይጠ እንተ ዝኸውንሲ ክንደይ ሰብ ካብ ሞት መድሓንኩ ነይረ' ክብል ብጣዕሳ ተዋሕጠ።

ካብ ተወፋይነት ሽንድለር እንታይ ትመሃሩ? ■

<u>ሕቶ</u>
ዝኸበርካ ነብይ ዮናስ ድሕረ ባይታኻን ኣገልግሎትካን ምነገርካናዶ?

<u>መልሲ</u>
'እሕሕ ... ኣነ እኳ ኣጋጣሚ ኮይኑ ካብ ብሩኻት ወለዲ እየ ተወሊደ። ሽመይ ባዕሉ ነዚ ምስክር እዩ። ሽመይ ትርጉሙ ኣይከወልካ። 'ዮናስ' ማለት ብቛንቋና '<u>ርግቢት</u>' ማለት እዩ። ርግቢት ኣብ ዝበን ኣቦና ኖህ ልእኽትን ኣበሳሪትን ከም ዝነበረት ድማ ዘክር። ኣስተውዕሊካዶ? ኖህ ነቲ ኳኽ ካብታ መርከብ ደሃይ ማይ ምስራቡን ዘይምስራቡን ንምፍላጥ ምስ ደለየ ለኢኹዎ ንሱ ግና፡ ደሃዩ ኣይተረኽበን። ርግቢት ግና ጨንፈር ቆጽሊ ሒዛ ደኣ ደበኽ በለት። ኣነ ድማ እሙን ኣገልጋልን ኣበሳርን ምኳነይ ፍለጠለይ።

ናብ ቀንዲ ነገረይ ክመልሰካ፡ ከም እትፈልጦ ኣነ እኳ ካብ ነገድ ዛብሎን፡ ኣብ ቁሸት ጋት ሄፈር እትበሃል ዓዲ እየ ተወሊደን፡ ዓብየን። እዚ ዝብለካ ዘለኹ ቦታ ካብ ከተማ ናዝሬት ርሑቕ ኣይኮነን። ከይረሳዕኩ እባ፡ ኣቦይ ኣሚታይ ይበሃል።

<u>ሕቶ</u>
የቐንየልና ዝኸበርካ ነብዪ። ሃገርካ ትፈቱዶ ኔርካ?

<u>መልሲ</u>
ነዚ እሞ እንታይ ሕቶ ኣለዎ። ምፍታው ጥራሕ ድዩ'ኸ!! ምሞትኩሎም እምበር! ስማዕ እባ ሓወይ፡ ንሕና እኳ ዝተሐሬና

*(ናብ ገጽ 12 ይቕጽል >>)*

*(ቃለ-መሕትት ... ካብ ገጽ 11 ዝቀጸለ)*

**ወለዶ ምኳንና ንምንታይ እትዝንግዕ? ኲሎም ኣህዛብ ተኣኪቦም ክንዲ ርብዒ ናትና ዋጋ ኣየምጽኡን ምኳኖም ዝረሰዕካ ይመስለኒ። 'እስራኤል ወይ ሞት ዝብል ጭርሖ!' ከመይ ሓቅነት ዘለዎ ዘረባ ይመስለካ።**

ሕቶ
ኣብዚአ ክንቋርጸካ፡ ብዛዕባ ካልኦት ኣህዛብ ሓሲብካ ትፈልጥዶ? ማለት ክድሕኑ ትደሊዶ ኔርካ?

መልሲ
**መቾም ጋዜጠኛታት ክትበሃሉ ንሰብ ኣይተዕርፉን ኢኹም። ብዛዕባ ካልኦት ኣህዛብ ብዝምልከት፡ ኣነ እንታይ ዓጢጡኒ። ኣማልኽቶም ይሕለዩሎም እምበር። ሎሚ ግና ብፍላይ እኳ ብዛዕባ ሰብ ነነዌ ክትዝክረለይ ኣይደልን እየ። ነነዌ ዝብል ቃል ክዝክር ከለኹ፡ ዝስምዓኒ ስምዒት መን ይፈልጦ? ካብ ንገርና ከይወጻእና፡ ኣነ ግዳ ክሐተካ፡ እምበርዶ ተቐማጦ ከተማ ነነዌ ሰብ እዮም። እንተ ዘይተጋገኹ ንሳቶም ኣራዊት፡ ደቂ ኣራዊት እዮም።**

ሕቶ
ዝኸበርካ ነብዩ፡ ኣቀዲምና ከምዚ ንምሕራቕ ምኽንያት ስለ ዝኮንናካ ብዙሕ ይቕሬታ እናበልኩ፡ ግና ከም መንፈሳዊ ሰብ ...

መልሲ
**መቾም ሰብ ኮይኑ ዘይጋገ የለን። ይቕረ ይኹንካ።**

ሕቶ
ኲላቶም ነብያት ደቂ ዓድኻ መብዛሕትኡ እዋናት ኣገልግሎቶም ንሰቦምን፡ ንደቂ ዓዶም ክኸውን ከሎ፡ ናትካ ግና ንደቂ ጓና ምኳኑ እንታይ ይምህረካ?

መልሲ
**ኣነ እኳ ብወገነይ ኣገልግሎተይ ንደቂ ዓደይ ዝዓለመ ክኾነለይ እየ ተመንየ ነይረ። ግና ከም ፍቓዱ ኮይኑ ኣምላኽ ነዚ ኣገልግሎት መሪጹኒ። ብወገነይ፡ ግና ኣገልግሎተይ ንምፍጻም ምሉእ ፍቓድ ኣይነበረንን እንተ በልኩ ኣየጋነንኩን። መቾም ሓደ ኣገልጋሊ ንሰብ ነነዌ ካብ ዘገልግል... እንታይ እሞ ክብል...?**

ሕቶ
ኣምላኽ ንሰብ ነነዌ ንስኻ ክትሰብከሎም ምስ ጸወዓካ ከመይ ተሰሚዑካ?

መልሲ
**ሓቂዶ ክዛረብ? እወ... ሓቂ ተዛሪብካ ምማት ምሓሸኒ ኔሩ። ጎይታ ነዚ ትእዛዝ ምስ ሃበኒ፡ ኣብ ፈለማ ሓቂ ኣይመሰለንን። ደሓር ከአ ንነነዌ ከተማ ኣሶራውያን ሰላማ ዝምነይላ መን ኣሎ? ንሳ ከተማ ጠንቀልትን፡ ሰኽራማትን ጥራሕ ዘይኮነትሲ፡ ንሳቶም ንጥኑሳትን ቆልዑን ዝቐትሉ፡ ኣረሜናት፡ ጨካናት፡ ነውራማት ህዝቢ ምኳኖም ኣይትዝንግዕ። ደሓር ድማ እዞም ሰብ ጽባሕ ነገራት ምስ ጠዓሞም ንዓናን ንሃገርናን ንባርናት ከም ዝውፍዩና ኣይሰወርካ። እሞ ነዚኦቶሲ ሰናይ ክምነየሎም...?**

ሕቶ
ብወገንካ ካብዚ ንስኻ ዝበልካዮ ነገር ሎሚ እንመሃሮ ነገር እንታይ ኣሎ ትብል?

መልሲ
**'ንምሃሮዶ?' ካብ በልካ? ንማህሮ ደኣ... ንዝፈትዉኻ ምፍታው፡ ንዝጸልኡኻ ድማ ምጽላእሲ ባህርያዊ ስለ ዝኾነ፡ በዚ በርትዑ ምበልኩ።**

ሕቶ
ሰብ ነነዌ ኩላቶም ብቅጽበት ከም ዝጠፍኡ...

መልሲ
**ከይወዳእካ ኣነ ክቋርጸካ... እወ 'ስኒ ኣብ ክንዲ ስኒ፡ ዓይኒ ኣብ ክንዲ ዓይኒ' ከም ዝተባህለ ከይረሰዕካ ነዚኦም ኣብ ክንዲ ንስኻ ዝሰብከሎምሲ፡ ንዱድ ቑጥዓ ኣምላኽ ምተመነኹሎም።**




**'ወንጌላውን ገፋፊ ዓሳን ይማሳሰሉ እዮም።
ገፋፍ ዓሳ ከም፡ ዓሳ ክሓስብ፡
ወንጌላዊ ድማ ከምቶም ሰማዕቱ ክሓስብ
እንተ ዘይኪኢሉስ
ስሉጥ ወንጌላዊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ'
ፓስተር ሪክ ዋረን።**

*(ቃለ-መሕትት…ካብ ገጽ 12 ዝቀጸለ)*

<u>ሕቶ</u>
ኣብ ፊልማ ናብ ከተማ ነነዌ ካብ እትኸይድሲ ናብ ከተማ ተርሴስ ንምኻድ ንምንታይ ከም ዝወሰንካ ነንበብትናዶ ምገለጽካሎም?
<u>መልሲ</u>
**መቸም ኣምላኽ ኣብ ተርሴስ (ሃገር ስፐይን) ንምኻድ ዝደለየኒ መሲሉኒ ነይሩ። ንምንታይ ይመስለካ ከምዚ ዝብለካ ዘለኹ? ገለ ፍሉይ መፈለጥታታት ረኺበ ነይረ። ብመጀመርታ ናብኡ ናብ ተርሴስ መርከብ ቀልጢፌ ምርካበይ፡ ደሓር ድማ ንመገሻይ ዝኸውን ገንዘብ ምስ ረኸብኩ፡ ኣምላኽ ብኹሉ ዘጋባገበልይ መሲሉኒ።**

<u>ሕቶ</u>
ንከቡራት ኣንበብትና ተርሴስ ኣበየናይ ክፍሊ ዓለም እትርከብ ከም ዝኾነትዶ ምንገርካና?
<u>መልሲ</u>
**ነንዌ ካባና ንወገን ሰሜናዊ ምብራቕ ትርከብ። ተርሴስ ድማ ብኣንጻሩ ንሰሜናዊ ምዕራብ ኣቢልካ እትርከብ ንእድቲ ከተማ ምዃና ይፈለጠለይ። እዛ ከተማ ተርሴስ ብንግዲ ስልጥንቲ ከተማ ብምንባራ ብዙሕ ሰብ ናብኣ ምኻዱ ኣየገርምን እዩ።**

<u>ሕቶ</u>
እሞ ዝኸበርካ ሓወይ ነብዩ፡ ካብ ናይ መለኮታዊ ጽውዓ ሃዲምካ ናብ ንግድን ካልእ ስራሕን ምድሃብሲ ጉጉይ መገዲ ኣይኮነንዶ ትብል?
<u>መልሲ</u>
**እወ እንታይ ኣሎ ይመስለካ? በዓል ኣነ፡ ንጽውዓናን ስራሕ ወንጌልን ደሓር ነርክበሉ… መጀመርታ ግና ገለ ገንዘብ ምድላብ ሰናይ ተበግሶ እዩ እብሎ።**

<u>ሕቶ</u>
ኣብ መርከብ ምስ ኣቶኻ ኣብኡ ዝተረኸበ ፍጻመታት'ዶ መዕለልካና?
<u>መልሲ</u>
**ኣብታ መርካብ ብምጀመርታ ክትፈልጠለይ ዝደልዮ… ኣነ ብወገነይ መንነተይ ሓቢአ እየ ኣብኣ ዝኣተኹ። ብተወሳኺ ድማ ዜግነተይ ከይፈልጡለይ ምጽዓትይሲ መዓስ ኣቋሪጸ። ዜግነተይን ኣገልግሎተይን እንተ ገሊጸ ግና ብዛዕባ ኣምላኽ ክሓቱኒ ይኽእሉ ምዃኖም ስለ ዝገመትኩ እየ ከምዚ ዝገበርኩ።**

<u>ሕቶ</u>
በወገንካ ካብ ስራሕ ኣምላኽ ሃዲምካ ከምዚ ናብ ካልእ ቦታ ክትሃድም ከሎኻ ኣብ ልብኻ ቅሳነት ኔሩካዶ?
<u>መልሲ</u>
**'ቅሳነትዶ' ኢልካ? ከመይ ደአ! ግና መቸም ኣብ ውሽጠይ እኺ ሓደ ሰንፈላልነት ምስምዑ መዓስ ይተርፍ። ግና… ነዚ ውሽጣዊ ስክፍታታት እዚ ብድቃስ ኢኻ እተደንዝዞ።**

<u>ሕቶ</u>
'ኣብ መርከብ ምስ ኣቶኻን እሞ ድማ ብዝሕ ከይተጎዓዝኩም ብርቱዕ ማዕበል ምምጽኡ እንታይ ይምህረካ?
<u>መልሲ</u>
**እወ፡ ብዓንቶቦኡ እውን ኣነ ሓውኻ ማዕበል ኣየፍርሃንን እኺ'ዩ። ከም ዝመስለኒ ደሓር እውን ዝተረደኣኒ፡ ሓደ-ሓደ እዋናት ኣገልገልቲ ካብ ትእዛዝ ኣምላኽ እንተ ወጺእና ንኻልኡት ሰብ ንጸገም ከም እንኾናም ሓደ ዓቢ ተመኩሮኣዊ ፍልጠት ከም ዘሕለፍኩ ግና ጥርጥር የብለይን።**

<u>ሕቶ</u>
ብዛዕባ ኣብ መርከብ ምድቃስካዶ ምነገርካና?
<u>መልሲ</u>
**ድቃስ ጽቡቕ እዩ። ምድቃሰይ ንመን ጎዲኡ ኢልካዮ ኢኻ? ምስ ደቀስካ ድማ እቲ ቀትሪ ዘሸገርካ ነገር ትርስዕ፡ ጸበባ ካልኡት ድማ ብዙሕ ኣየሸግርካ፡ እቲ ዘድሊ ብዙሕ ዕረፍቲ፡ ምስ ምስትርሓይ እዩ። ሕጂ ምዕራፍ፡ ደሓር ኣብ ዓራት ምግልባጥ፡ ምዕልባጥ እዩ እብል። በልስከ…**

<u>ሕቶ</u>
ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ዘሎ፡ 'መንፈስ

*(ናብ ገጽ 17 ይቅጽል >>)*

'ሓደ እዋን፡ ጎይታ ብዙሕ ዝቑጸር ሚልዮናትዶ ክህበካስ፡ ወይስ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ዝድሕኑ ሰብ? ሕጂ ምረጽ በለኒ። ኣነ ድማ ብዘይ ስክፍታ፡ ሰባት፡ ሚልዮናት ዝድሕኑ ሰባት ሃበኒ ኢለ ገዓርኩ'
(ወንጌላዊ ራይንሃርድ ቦንከ)።

# ዓምዲ ትምህርቲ

## ካብ ጉስነት ናብ ንግስነት

### 1ሳሙኤል 16፡14-23


<u>*መእተዊ*</u>

***ክቡራት ኣንበብቲ ቅድሚ ነዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ምንባብኩም ብፈለማ ነቲ ኣብ ላዕሊ ተዋሂቡ ዘሎ ክፋል መጽሓፍ ቅዱስ ብምስትውዓል ክተንብብዎ እላቦ።***

እዚ ቀሪቡ ዘሎ ጽሑፍ ኣብዛ ምዕራፍ ካብ ዘለዋ ኣገደስቲ ጥቕስታት ብምውሳድ፡ መጀመርታ ትርጉማ እንታይ ከም ዝኾነ ምስ ኣንበብና፡ ምስዚ ብምትሕሓዝ ድማ ነቲ ዝረኸብናዮ ሓቂ ምስ ህይወትና ክነጋናዝቦ ኢና።

<u>*ቅድመ ትምህርቲ*</u>

ከም ኣገልገልቲ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ሎሚ ዘሎና ብድሆታት ብዙሕ ምኽኑ ንርዳእ ኢና። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ንሕና ከኣ ኣገልገልቲ ኣጸቢቕና ክንሓስበሉ ዘሎና ድማ ቀጻሊ ዝኾነ መንፈሳውነት ኣብ ህይወትናን ኣብ ኣገልግሎትናን ዓቂብካ ምንባር ምኺኑ ክንዝንግዕ ኣይግብኣናን።



ኣብ ናይ ሎሚ ናይ ዓውደ ትምህርትና ዳዊት ድሕሪ ብነብይ ሳሙኤል ምቕብኡ ዘጋጠሞ ኩናታትን፡ ምስኡ ድማ ሳኦል ከም ንጉስ እታ ሃገር ዕቱብ መንፈሳውነት ኣብ ህይወቱ ከርኢ እኳ እንተ ነበሮ፡ ንሱ ግና ካብ መንፋስ ቅዱስ ሪሒቑ ኣደዳ ሕማቕ መናፍስቲ እከይ ኮነ እሞ፡ እዝዩ ጨነቖ።

እምበርከስ ካብዚ ናይዞም ክልተ ሰብ ዘርኣዩዎ ሕማቕ ይኹን ወይስ ጽቡቕ ኣብነት ንሕና ድማ እንታይ ከም እንመሃር ነስተውዕል እሞ ኣብ ህይወትና ነቲ ጽቡቕ ነገሮም ስዒብና ነቲ ዘይሰናይ ድማ ኣርሒቕና ንቕድሚት ንሕለፍ።

> ሓንትስ ንኣምላኽ ፍርሃዮን ተገዚኣዮን እምበር፡ እቲ ዝተቐባእካዮ ቅብኢ ኣብ ህይወትካ ሓያል ስለ ዝኸውን፡ ብቕጽበት ደላይኻ ክበዝሕ፡ ኣገልግሎትካን ጽፍሒ ጽልዋኻን ድማ ክሰፍሕ ናይ ግድን እዩ።

<u>ኣይትኽወልን ኢኻ</u>

ዳዊት ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ ምስ እነንብብ ካብቲ ናብራ ናይ ጉስነትን ክውልነት ጸሊቑ ኣገልጋሊ ንጉስ ንምኳን ክጽዋዕ ከሎ እዩ። ከምዚ ካብ ናብራ ክውልነት ናብ ኣግልጋሊ ንጉስ ንምኳን ብኸመይ ክሳጋገር ከም ዝኸኣለን ምስ ጠመትና፡ ብምስዓብ ነዚ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ ኣብ ህይወትና ከመይ ጌርና ኣገናዚብና ከም እንትርጉሞ ክንመህር ኢና።

ንዳዊት ካብ ናብራ ጉስነት ናብ ኣገልጋሊ ንጉስ ንምኳን ዝበቕዐ፡ ኣብ ቀረባ ኣዋናት መንፋስ ቅዱስ ኣብ ህይወቱ ስለ ዝመጸ ምኺኑ ነስተውዕል። የሱስ ክርስቶስ ጎይታና ኣኺ ቅድሚ

(ናብ ገጽ 21 ይቅጽል >>)

## <u>ቃላት ወንጌል</u>

### <u>እዘን ዝስዕባ ቃላት ብቋንቋ ግሪኽ ኮይነን ኣብ ስራሕ ወንጌል ድማ ኣገደስቲ ቃላት እየን</u>

<u>**1 Marturio**</u>
*ማርቱሪዮ ማለት ዝስዋእ፡ ዝምስክር ዝመውት እዩ።* ክሳዕ ወሰን ምድሪ መሰኻኽር (<u>ማርቱርዮ</u>) ክትኮኑኒ ኢኹም ማለት እዩ። ምምስካር ጸበባ እንተ ኣድልየ ድማ መከራ ከምጽኣልካ ይኽእል ምኺኑ ካብዚ ዓቢ መረድኢ እዩ።

<u>2. Euaggelidzo</u>
*ኢዩጌሊድዞ ማለት ብስራት ምንጋር፡*

<u>3. Sozo</u>
*ሶዞ ማለት ምድሓን፡ ምብጃው፡ ምንጋፍ፡ ካብ ሓደ ዓቢ ነገር፡ ካብ ጸበባ ካብ ሕማም ካብ ሰይጣን ምምላጥ ምውጻእ ማለት የስምዕ ብተወሳኺ ምሕዋይ፡ ምጥዓይ፡ ጥዕና ምርካብ ወዘተ የስምዕ።*

<u>4. Metanoia</u>
*ሜታኖያ ማለት ምንሳሕ፡ ሓሳብካ ምቕያር፡ መገድኻ ምልዋጥ፡ ብኹልንትናኻ ነቲ ናይ ቀደም መገድኻ ገዲፍካ ሓድሽ መገዲ ምሓዝ ማለት እዩ።*

<u>5. Exhousia</u>
*ኤግዞሲያ እዚ ማለት ውሉድ ኣምላኽ ክትከውን መሰል ምርካብ ማለት እዩ።* ■

# ፍሊጶስ እንታይ ይምህረካ?

ፊሊጶስ ድያቆን ክኸውን ተጸዊዑስ፡ ለካ ደሓር እንተ ተራእየስ እሳተ-ነበልባል ወንጌላዊ ምዃኑ፡ ኣነ ድማ ሎሚ ዘለኹዎ ቦታ እሙን እንተ ኾይነ ናብ ካልእ ምዕሩግ ባይታ ከም ዝሰግር ፈሊጠ።

ፍሊጶስ መንፈስ ቅዱስን እምነትን ዝመልአ ኣገልጋሊ ምንባሩ፡ ኣነ ደማ ኣሰሩ ክስዕብ ከም ዘሎኒ።

ፍሊጶስ ናብቶም 'ጸላእቱ' ዝባህሉ ሳምራውያን ከይዱ ንመጀመርታ እዋን ወንጌል ምስባኹ፡ ኣነ ድማ ኣሰሩ ሲዒበ፡ ምስቶም ምሳይ ዘይሳማምዑ ካብ ፍቕሪ ተበጊሰ ንዝጻልኡኒ ሰብ ብስራት ወንጌል ክነግሮም ከም ዘሎኒ።

ፊሊጶስ ካብ የሩሳሌም ካብ ብጾቱ ተፈልዩ፡ ቅድሚኡ ተገይሩ ዘይፈልጥ ነገር ገበረ። ናብ ሰማርያ ከይዱ ሰበኸ። ወንጌላዊ ልቡን ኣቓልብኡን ምስቶም ሰብ ደገ እምበር ኣብ ገዛ ዝይምኳኑ ተዓዚበ። ስለዚ ድማ ኣነ ኣብዚ ቤተክርስትያን እንተለኹ እኳ ልበይ ግና ነቶም ዘይደሓኑ ሰባት ከመይ ገይረ ወንጌል ከም ዝሰብከሎም ኽሓስብ ከም ዘሎኒ።

ፊሊጶስ ቀንዲ ስብከቱ 'ስም የሱስ' ከም ዝነበረ፡ ኣነ ድማ ብወገነይ፡ ሕመረት ስብከተይ ወርትግ ስቃያት የሱስን ሞቱን ትንሳኤኡን ክኸውን ከም ዝለዎ ተማሂረ።

ኣገልግሎት ፊሊጶስ ቃላዊ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዝድገፍ ስለ ዝነበረ ብዙሓት ካብ ማእሰርቲ ኣጋንንቲ ተናገፉ። እወ ፍሊጶስ ወንጌል ምስ ሰበኸ ምፍዋስ ተጋህደ። ኣምላኽ ሓይሉ ገለጸ። ስለዚ ኸኣ ብዙሓት ናቲ ዝዛረበኦ ዝነበረ ቃል ንምስማዕ ኣቓልቦኦም ሃቡዎ። ኣነ ድማ ከም ፊሊጶስ ወንጌል ምስ ሰበኽኩ፡ ኣምላኽ ነቲ ዝዛረቦ ብተኣምራት መታን ከጽንዖ ክጽሊ ከም ዘሎኒ ተማሂረ።

እንታይ እሞ ክግበር? ልቢ ወንጌላዊ ንኹሉ እዩ ዝኣምን። ምኽንያቱ ድማ ንሱ ኩሉ ሰብ ብዝይትረፍ ክድሕነሉ ስለ ዝደሊ። ፍሊጶስ ድማ ስምኦን ዝበሃል ጠንቋሊ 'ንጎይታ ኣሚኑ ኣሎ' ኢሉ ገመተ። ግና ኣይፋሉን፡ ስምኦንሲ ልባዊ ለውጢ ኣይነበሮን እሞ ጴጥሮስ ኣለለዮ። ኣነ ድማ፡ ኩሉ 'ንጎይታ ኣሚነ ኣለኹ' ምስ በለኒ ተገሪሀ ከይኣምን፡ ካባይ ንላዕሊ ብዙሕ ተመኩሮ ዘለዎም ሰብ፡ ክመኽሩኒ ከለው ክሰምዕ፡ ኣምላኽ በዚ ይሓግዘኒ።

ፍሊጶስ ካብ ቦታ ምንቕቓሕ ናብ መድረ በዳ ምስ ተጸወዐ፡ ከይደንጎየ ተቓላጢፉ ምኻዱ ዘገርም ውፉይነት እዩ። ኣነ ድማ ርእሰይ ከይፈተኹ፡ ካብ ሙቐት እሕዋት ፍልይ ኢለ ወንጌል ክሰብኽ ከም ዘሎኒ ተማሂረ።

ፊሊጶስ ነቲ ኢትዮጵያዊ በዓል ስልጣን ወንጌል ንኽሰብከሉ ኣይሓፈረን። ኣነ ድማ ወንጌል ንኹሉ ሰማዒ፡ ዓቢ ይኹን ወይስ ንእሽቶ ክሰብከሉ ከም ዘሎኒ ካብ ወንጌላዊ ፊሊጶስ ተማሂረ።

ፊሊጶስ ቃል ኣምላኽ እንታይ ከም ዝብል ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥ፡ ነቲ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ክገልጸሉ ከሎ ኣስተውዒለ። ኣነ ድማ ንቓሉ ኣጸቢቐ ክፈልጥ እሞ፡ ንሰብ ኩሉ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ሞትን ትንሳኤን እንታይ ከም ዝብል ከረድኦም ከም ዘሎኒ ተረዲኣ።

ንፊሊጶስ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝመንዝዖ እሞ ኣብ ኣዛጦን ከም ዝተረኽበ፡ ንዓይ ድማ ከምኡ እንተ ተኣዚዘ መንፈሱ ንዋቱ ገይሩ ናብዝን ናብትን ክወስደኒ ከም ዝኽእል ተረዲኣ።

ፊሊጶስ መንፈሳውነቱ ኣብ ደገ ጥራሕ ዘይኮኣንስ ኣብ ቤቱ እውን ዝቐጸለ ብምንባሩ ድማ ሓሙሽተ ዝንበያ ኣዋልድ ኣጥረየ። ኣነ ድማ ንኻልኦት እናሰበኽኩ ንርእሰይን ቤተይን ግና ሻላ ዝርኢ ከይከውንሲ ብኹሉ ክጥንቀቕ ከም ዘሎኒ፡ ደቀይን ቤተይን ዘስተናብር፡ ዕዉት መንፈሳዊ፡ ኣብ ደገ ይኹን ኣብ ገዛ ክኸውን ከም ዘሎኒ ተማሂረ። ■

'ኣነስ ነዞም ሎሚ ተርእዮም ጽባሕ ዝሞቱ ጣኦታት ካብ ምግልጋል፡
ነቲ ዘልኣለማዊ ዝኾነ ኣምላኽ ምግልጋል መሪጸ። ንስኻኸ?
(ማርቲን ሉተር ኪንግ ጁንየር)።

# ሰብ ድዮም ኔሮምሲ ወይሲ...?

*ሃዋርያት ታራ ሰብ ኣይነበሩን እንተ በልኩ ኣየጋነንኩን። ንወንጌል ዝተሸጡ ሰባት፡ ንርእሶም ዝቐበጹ። ተባዓት፡ ንመከራ ወይስ ንካራ ከም ንቡር ዝወሰዱ። ርእሶም ዝመነኑ፡ ዕጡቓት፡ ተጋደልቲ እምነት፡ ብምንባሮም ነቲ ዝተዋህቦም ሕድሪ ወንጌል ንምፍጻም ለይትን መዓልትን ኣብ ፈቐዶ ሽንጭሮን ምድረ በዳን ኮለል ዝበሉ፡ ንስደት ከይፈርሑ ንዅሉ ሰብ ብዘይ ኣፋላላይ ወንጌል ዝነገሩ እዮም። ስለዚ ክርስትያናት ኩሎም ዓመሩ ደኣ ኣይከረሩ።*

*ንሳቶም ሰብ እምነት፡ እወ፡ ወነንቲ ዓባይ እምነት ብምንባሮም ድማ ንናብራ ዓለም ዝነዓቁ፡ ወርትግ ዑጡቓት ነበሩ እሞ፡ ስብከቶም ንከተማታት ኣናዓበ፡ ነገስታት ሰንበዱ፡ ሊቃውንቲ ሓነኹ፡ ሰብ ፈላስፋታት ተበዓዱ።*

*ኀይትነት የሱስ ንዅሉ ኣበሲሮም፡ ንመከራ፡ ንጭንቀት፡ ንጸበባ፡ ንድህለት፡ ንጥምየት ኩሉ ኣህሊቖም። ንዕብየት የሱስ ኣበሲሮም፡ ንሰማዕቶም ብዛዕባ ፍርዲ ኣምላኽ ኣጠንቂቖም፡ ወንጌል ብምስባኾም ድማ እቲ ዓቢ ሮማዊ ሃጸይ ኔሮ እኳ ተባዓደ፡ ተዓነደ እወ ዓበደ።*

*ወንጌል ቤት ማእሰርቲ ኣይኣስሮን። እኳ ደአ መሊሱ እዩ ንናህሩ ዝውስኽሉ እሞ፡ ፈሪሳውያን ወንጌል ከይሰብኩ ምስ ኣፈራርህዎም፡ ምላሽ ሃዋርያት፡ ‘ንመን እሞ ክንእዘዝ ንዓኻትኩምዶ ወይስ ንኣምላኽ?’ ብምባል መለሱ። ሰብ ካብ ማእሰርቲ ምስ ወጸ ከዕርፍ ንቡር እዩ። ንሳቶም ግና ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ተፈትሑ ኣብ ክንዲ ብፍርሂ ተኣሲሮም ካብ ምምስካር ዘቋርጹ፡ ንምፍርራህ ሰብ ኣቃቢጾም ንከተማ የሩሳሌም ኣናወጹ።*

*ናይ ጳውሎስ እሞ ኣይነገር! ተስፋ ክቐብጽ ዝግብኡ፡ ንኻልኦት ተስፋ ኮነ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘመረ፡ ተቐጥቂጡ ምስ ተቐትለ፡ ኣየንቀጥቀጠ፡ ንስራሕ ሰይጣን ደኣ ዓበጠ። ንልቡ ዘየቕሰኖ። ንህዋሳቱ ዘርሰኖ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ብምንባሩ፡ ገለ ሰብ ‘ጐሉል’ ከይበሉዎ ኣይተረፈን። ወንጌል ቀሪሱ፡ ተመሲሑ፡ ተደሪሩ፡ ብምንባሩ ብሓይሊ እቲ ልዑል ኣብ በረኻ፡ ኣብ ከተማ፡ ኣብ ባሕሪ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ኣብ ሽንጭሮ፡ ኣብ ኩሉ፡ ንዅሉ ምስ ኩሉ ንወንጌል ጨርሐ።*

*ኣየ ጳውሎስ በዓል ቅያ፡ ንትንግርቲ ዝተፈጥረ ሰብ፡ ኣብ ማሕቡስ ኮይኑስ ዝሕጎስ፡ ዝኽየፍ፡ ዘይፈርህ ንኽይስየፍ፡ ሰብ ብምንባሩ መቐውሑ ከም ዕጣቑ፡ ንጸበባኡ ከም ዓቢ ማዕርግ ተላቢሱ ንዓለም ኮለላ። ዓሰላ። ዓብለላ።*

*‘ሞት ከም ወዲ ኣዳም’ እዩ እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ንሞት ነታ ኩሉ ዝርዕደላ እኳ ሲሒቑዋ፡ ንህይወቱ ከይበቐቐ ንወንጌል ሞተላ።*

*ናባኹም ክንምለስ፡ ሎሚ ንዓይን ንዓኹምን ወንጌል ንኽይንሰብኽ እንታይ ይኽልክል? ብሓቂዶ ሰዓብቲ ጳውሎስ ኢና? ወይሲ ብዓል ጳውሎስ ከማና ደቂ ኣዳም ዘይኮኑስ....፡ ካልእ ዝፍጥረቶም ሰብ እዮም ኔሮም? መልሲ ንዓኹም እሓድጎ።* ■

**‘ወንጌል ዘይትዝርግሕ ቤተክርስትያን፡ ሞታ ርሑቕ ከይመስለኩም።’**
(ዮሃንስ ወስሊ)

(ቃለ-መሕትት...ካብ ገጽ 13 ዝቀጸለ)

**ምብዕዛዝ ዝብገስ ካብ ምእዛዝ ክንወጽእ ከሎና እዩ።' ክብሉ ብዙሓት ሰብ ይዛረቡ እዮም እሞ፡ እወ ብርግጽ ድማ ሲምሶን ምስ ደቀሰዶ ኣይኮነን ቅብኡ ዝተወሰደ። ከምዚ ዝተባህለ ድዩ በጺሑካ...?**

__መልሲ__

**እወ፡ እወ ግና ኣነ እኳ...**

__ሕቶ__

ድቃስ ካብ መጠን ንላዕሊ እንተ በዚሑ ንኣገልግሎትካ ካብ ዝነበሮ ብልሒ የጉድሞ እዩ ይበሃል። ብዛዕባ እዚ እንታይ ምበልካ?

__መልሲ__

**እወ፡ እወ... ግና መቸም እንታይ እሞ ክንብል? እቲ ዘድሊ ኣምላኽ ኩሉ ኣማሊኡ ክህበካ ስለ ዝኾነ፡ ምድቃስን ምስትርሓይን ጽቡቕ ተበግሶ ምኳኑ ኣይንዘንግዕ። ኣምላኽ ድማ ባዕሉ (ብዘይ ናትና እጃም) ናብኡ ክስሕቦምን ወንጌል ባዕሉ ክሰብከሎም ስለ ዝኾነ ብዛዕባ እቶም ዝጠፍኡ ብዙሕ ሽገር-ገር ምባል ሕሉፍ መንፈሳውነት ምኳኑ ክነግረካ ከለኹ ብዓቢ ሓበን ምኳኑ ፍለጠለይ።**



__ሕቶ__

እሞ ሎሚ እቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጡዎ ሰብ ንዓና ካብ ድቃስና ክንባራበር ክቕስቅሱናስ እንታይ ይበሃል?

__መልሲ__

**ሓወይ፡ ብዙሕ ብዛዕባ ዝጠፍኡ ምጭናቕሲ ንዓኻ መሊሱ ኣብ ጸበባ ክድርብየካ እዩ። እቲ ዘድሊ ብዛዕባ እቶም ሰብ ደገ ገለ-ገለ እዋናት ምሕሳብ፡ ግና ኣመና ምጽላይን ሽቖል-ቀል ዘየድሊ ሕማም እዩ ዝጠልበልካ። እወ ብዙሕ ስክፍታ ኣይሃሉኻ። ንስኻ ብውልቅኻ ተባሪኽ እምበር፡ ብዛዕባ ጎረባብትኻ ብዙሕ ኣይትሸገር። ክቡር ሓወይ፡ ንሕና ናብ መንግስቲ ኣምላኽ እንኽዕ ኣቶና እምበር ናይ ካልኦት ጥፍኣት ምሕሳብ ዘይድሊ ሕሉፍ-ህንጥይና ምኳኑ ኣይትረስዕ።**

__ሕቶ__

እሞ እቶም ሰብ ካብ ድቃስካ ምስ ቀስቀሱኻ እንታይ ተሰሚዑካ?

__መልሲ__

**'ተሰሚዑካዶ?' ኢልካ? ምስማዕ ጥራሕ ዶኾይኑ? ካብታ ጥዕምቲ ድቃሰይ ምስ ቀስቀሱኒ፡ ሓውኻ ተኸኽ እየ ዝበልኩ። ንምኳኑ ድቃስ እንታይ ከም ዝኾነ እምበርዶ ይፈልጡ እዮም?**

__ሕቶ__

እታ መርከብ እንተ ሰጠመትከ?

__መልሲ__

**ኣይገድስን እዩ። ኣነ ምስ ሞትኩ ናበይ ከም ዝኸይድ ስለ ዝፈልጥ፡ ናይ ካልኦት ሙማትን ምህላውን ሎሚ ኣይዓጅበኒ ጽባሕ ኣይግድሰኒ።**

__ሕቶ__

ንሳቶም ነናብ ኣማልኽቶም ጸልዮም ኣይሰምዕዎምን። ናትካ ኣምላኽ ግና ንኹሉ ዝኽእል ኣምላኽ ምኳኑን እቲ ኩሉ ጸባባ ድማ ብሰንኪ ናትካ ዘይምእዛዝ ምኳኑ ምስ ፈለጥካ እንታይ ተሰሚዑካ?

__መልሲ__

**እወ ኣምላኽ እስራኤል ሎምውን ህያው ምኳኑ፡ ኣምላኽ ኣህዛብ ድማ ከንቱን ሰብ ዝገበሮም ዘይጠቕሙ ጣኦታት ምኳኖም፡ ኣነ ኮነ ንሳቶም ምፍላጦም ከየሐጎሰኒ ኣይተረፈን። መቸም ከም ሰብ እቲ ኩሉ ሰሃሮ ብሰንከይ ምምጽኡ ምስ ተርደኣኒ ምሕዛንይ ምዓስ ይተርፍ? ደሓር ድማ እቲ ሽገር ብሰንከይ ከም ዝመጸ ተቓላጢፈ ተኣሚነ ናብ ባሕሪ ክድርበ ፍቓደኛ ኮንኩ። እዚ ዓቢ ተወፋይነት ምኳኑ መቸም መን ይስሕቶ?**

__ሕቶ__

ዝኸበርካ ነብይ ዮናስ፡ ከይፈተኻ ደኣ ኮይኑ እምበር፡ ኣብ ከንዲ እቶም ዘይትፈልጦም ሰብ ናብ ባሕሪ ክትድረበን ርእስኻ ክትውፈን ምድላይካን ምግባርካንን ንኡድ ተግባር ምኳኑ ስለ እንፈለጥ ስለቲ ዓቢ ኣርኣያኻ ኣምላኽ ይባርኽካ። ብምስዓብ ኣንቕረበልካ ሕቶ ድማ ናብ ባሕሪ ምስ ኣቶኻ እንታይ ተሰሚዑካ ዝብል እዩ?

__መልሲ__

**'ሓቂ ዘረባ ሞት ቀረባ' ከም ዝብልዎ ፈሪሀ፡ ከመይከ ዘይፈርሕ? ባሕሪ ሜዲትራንያን መዓስ ንእሽቶ ቀላይ ኮይና? ሓንቢስካ ኣይትወጸ። ተናወጽኩ እባ። ዘይምእዛዝሲ ካብ መርከብ ናብ ባሕሪ፡ እወ ናብ**

(ናብ ገጽ 18 ይቕጽል >>)

(ቃለ-መሕትት... ካብ ገጽ 17 ዝቀጸለ)

**ትሕቲ ምድሪ ዝድርቢ ነገር ምዃኑ ድማ ገና-ገና ነቲ ከትከት ዝብል ማይ ባሕሪ ምስ ተንከየኒ እየ ዝፈለጥኩ።**

ሕቶ

እቲ ገዚፍ ዓሳ ምስ ወሓጠካ'ኸ?

መልሲ

**ናብ ባሕሪ ምድርባይ ከይአክልሲ ናብ ከብዲ ዓሳ ምድርባየይ መቸም ከም ሰብ ደንጽዩኒ። ደሓርከ፡ እቲ አፍ ዓሳ ክንደይ ይዓቢ! ኣይደንጎየን ድማ ወሓጠኒ። ድራሩ ክገብረኒ። እወ ናብ ሲኦል ዝአቶኹ ደአ መሰለኒ። ኣየ'ባ ከብዱ ክዓቢ እንተ ተርእዮ? ብሓጺሩ 'ኣየርኢኻ፡ ኣይተርእየኒ' እዩ ዘብል።**

ሕቶ

ክንደይ መዓልቲ ኣብ ከብዲ ዕሳ ጸኒሕካ?

መልሲ

**ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ጸናሕኩ። እዚ ኩሉ መግደራሲ እንታይ ይበሃልስከ? ሓደ መዓልቲ ከይአክልሲ ሰለስተ መዓልቲ። ሞት ይሓይሽ! ኣይመስለካን?**

ሕቶ

ንምንታይ ደአ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ከብዲ ዓሳ ዝጸናሕካ ይመስለካ?

መልሲ

**ከም ዝመስለኒ ተቓላጢፈ ነቲ ዝተዋህበኒ መላኮታዊ ትእዛዝ ብዘይምፍጻመይ እዩ እብል። ምናልባሽ ቀልጢፈ እንተ ዝናሳሕ እቲ ዓሳ ተቓላጢፉ ምተፍአኒ ነይሩ። ኣይመስለካን? ሎሚ ንዓኻትኩም ዝመኽሮ ምኽሪ እንተሎ እዚ እዩ፡ ንሳ ድማ ምጉርምራም ከም ኣገልጋሊ፡ ንዕዮ ጎይታ ድማ ሸለል ምባልሲ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ጽልዋ ነገር ኣሎ እሞ፡ ካባይ ተማሃሩ፡ ጥራሕ እብል።**

ሕቶ

ኣብ ከብዲ እቲ ዓሳ ኮንካ ምምስጋንዶ ይሓይሽ ወይሲ...

መልሲ

**ነዚ መልሲ የብለይን።**

ሕቶ

ይቕሬታ ነብዪ ዮናስ። ፍቓድካ እንተ ደአ ኮይኑስ ነዘን ዝስዕባ ሕቶና ግዳ መልሰልና። እቲ ዓሳ መዓስ እዩ ዝተፍአካ?

መልሲ፡

**እቲ ዓሳ ደአ ልክዕ ኣነ ምምስጋንን ንአምላኽ ምውዳስን ምስ ጀመርኩ ብቕጽበት ደአ ተፉአኒ።**

ሕቶ

ካብዚ ናትካ ተመኩሮ ኣምልኾ ካብ ናብራ ጸልማት ከናግፈና ከም ዝኽእል ከም ዝምህርና ኣስተውዒልና እሞ፡ እዚ ክሳዕ ክንደይ ሓቂ እዩ?

መልሲ

**ዘረባ ከይብዛሕኩ፡ 'እወ' ጥራሕ እየ ዝብል።**

ሕቶ

ከተማ ነነዌ ዓባይ ከተማ እያ ነይራ። ብኸመይ ደአ ነዚ ኩሉ ብሓንሳብ ወንጌል ንምብጻሕ በቓዕካ?

መልሲ

**ኣምላኽ ምሳኻ እንተ ኣልዩ ኣብ ፍቓዱ እንተ'ሎኻ ደአ እንታይ ጸገም ኣሎ ኢልካዮ ኢኻ? በል ኣነ ዝገረመኒ ኸአ ከመይ ገይሮም ነቲ መልእኽቲ ናይ ንስሓ ተቓላጢፎም ከም ዝተርደኦምን ብሓጥይታቶም ከም ዝተናስሑን እዩ።**

**ክውሰኸልካ ደአ፡ በልስከ ኣሞጽ ኣብ ዘበነይ ንእስራኤል ንብዙሕ ዓመታት ወንጌል እንተ ሰበኸ እኳ ደቂ ሃገረይ ክሰምዑዎን ካብ ሓጥያቶምን ክምለሱን ኣይከኣሉን። እዞም ኣረማውያን ኣሶራውያን ግና ሓንሳብ ወንጌል ሰቢኸሎምሲ ከይደንጎዩ ደአ ሰምዑንን ተናስሑን። እዚ መገረም ነገር እዩ።**

ሕቶ

ስለዚ ሎሚ ድማ ነቶም ክንምስክረሎም እንደሊ ሰብ፡ ንሕና ከም እንሓስቦ ልቦም ኣብ ቀረባ ንአምላኽ ድማ ርሑቓት ኣይኮኑን፡ ክንብልዶ ንኽእል?

መልሲ

(ናብ ገጽ 27 ይቕጽል >>)

**'ንወንጌል ምጽላእን ነቲ ኣቃራርባና ዘይምፍታውን ክልተ ዝተፋላለየ ነገር እዩ። ስለዚ ኣቀራርባና ይተዓረ'**

# ምስክርነት

ስመይ ኤፍሬም ዑቕባጋብር እበሃል ብዛዕባ ድሕረ ባይታይ ቁሩብ ትንክፍ ኣቢልካ ንምሕላፍ፡ ኣነ ኣብ ኣዲስ ኣበባ (ኢትዮጵያ) ተወሊደ። ዕድመይ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ድማ ኣብ ከባቢና ናብ ዝርከብ ወንጌላዊ ቤ/ክ. መካነ እየሱስ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤ/ት ትምህርተይ ጀሚረ ክሳብ ሻሙናይ ክፍሊ ትምህርተይ ድማ ኣብኡ ተማሂረ።

ኣብቲ ቤ/ት ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ሓንቲ ዓይነት ትምህርቲ (subject) ይወሃበና ኔሩ። ከምኡውን ዝተፈላለየ መዝሙርን ጸሎትን ንገብረሉ ፍሉይ ዝኾነ መዓልታዊ መደብ ኔሩና እዩ። ንሱ ድማ ንግሆ-ንግሆ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ባንዴራ ቅድሚ ምስቃልና ዝነበረ ግዜ እዩ።

በዚ ዝኣክል ድማ ፍልጠት ናይ ዛንታታት መጽሓፍ ቅዱስን (ዓበይቲ ዛንታታት) ከምኡውን ዓበይቲ ጥቕስታት ንሽምድድን ነጽንዕን ኔርና። እዚ ድማ ኣብ ባጀላና ይምላእ ስለዝነበረ ከምኡውን ብኡኡ ምሕላፍን ምትራፍን ስለዝነበረ ከም ልምዲ ጌርና ነጽንዖ ኔርና።

እንተኾነ ግና እዚ ፍልጠት ቃል ኣምላኽ እዚ ምሳይ ብእምነት ስለ ዘይሓደረ ክጠቕመኒ ኣይከኣለን ኔሩ። ግና ኹሉ ግዜ ሕቶ? ይፈጥረለይ ነበረ። ብተወሳኺ ስርዓት ኮይኑኒውን ክጽልይ እንከለኹ ኣብ ክንዲ ሰላምን ዕረፍትን ዝረክብ፡ ፍርሒን ዘይርጉእነት ይስመዓኒ ነበረ። ግናኸ እዚ ሕቶ ማለት ድሕሪ ሞትከ ናበይ? ዝብል ዓቢ ሕቶ ናይ ህይወት ክምልሶ ይኹን ወይስ ክዛረበሉ ኣዚዩ ስለ ዘሰከፈኒ ነዚ ሕቶዚ ንኅድኒ ብምግዳፍ (ክርስዮ ብምፍታን) ይሃድም ኔረ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ኸሎ ብዝተፈጥረ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ፡ ናብ ኤርትራ መጺኤ። ሕጂውን እዚ ሕቶ'ዚ ክለዓልን ኣነ ክሃድምን ምርብራብ ኮነ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከለኹ ድማ ናብ ሱዳን መጺኤ። ሕጂ ነዚ ኣብ ሱዳን ዘጋጠመ ኩነታት ከዘንትወልኩም።

ኣብ ሱዳን ኣብ ኤርትራ ከለኹ ንፋለጥ ዝነበርና'ሞ ሕጂ ድማ ናብዛ ሃገር ደድሕረይ ዝመጸ ዳንኤል ዝስሙ ዓርከይ ነበረ። ንሱ ድማ ኩሉ ግዜ 'እዛ ቤ/ክ ኣበይ እያ? ናብኣ ክኸይድ ደልየ።' እንዳበለ ኩሉ ግዜ ይሓተኒ ነበረ።

ኣነ ግና ነቲ ሕቶታቱ ከም ዘይሰማዕኩ ጸማም እዝኒ ብምሃብ። 'ደሓን ኣጆኻ! ቀስ ኢልካ ትረኽቦ። እንታይ ዘህውኸከ ኣለካ? እንዳ



በልኩ ነቲ ሃረርታኡ ምዕጻወይ ቀጸልኩ። ብርግጽ ኣብቲ ግዜ እቲ ነታ ቤ/ክ ኣበይ ከምዘላ ዋላ እንተ ዘይፈለጥኩ እኳ ክፈልጠሉ ዝኽእለሉ መንገዲ ነይሩ እዩ። ናይ ዝተፈላለዩ ብኅይታ ዝነበሩ ሰባት ኣድራሻን ከምኡውን ርክብ ኔሩኒ እዩ። እንተ ዝሓቶም ኔረ እንዳ ተሓጎሱ መርኣዩኒ። ኣነ ግና ብዛዕባ ክርስትና ኣዝየ ክሓስብ ድላይ ስለ ዘይነበረኒ ንሕቶኡ ክምልስ ኣይከኣኣኩን።

ሓደ እዋን ግና እታ ናብ ቤ/ክ ዝመጸላ መዓልቲ፡ ብምሕረት እግዚኣብሄር ስለ ዝተወደአት ክምዚ ኮነ። ብህያው የሱስ ኣገልግሎት ወንጌል ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ (ኮንፈረንስ) ንዓይ ካብ ደገ መልእኽቲ ሒዙለይ ዝመጸ ሓደ ሰብ ኣብኡ ነበረ እሞ ንሱ ድማ ናብቲ ጉባኤ መጺኤ ነቲ ዝተላእኮ ንብረት ክወስድ ቦታን ሰዓትን ናይቲ ጉባኤ ብቴሌፎን ሓበረኒ፡ ኣነ ድማ ከይደንጎኹ ተሰማሚዕኩ እሞ፡ ልክዕ ቴሌፎነይ ምስ ዓጸኹ፡ ነቲ ዳንኤል ንብዙሕ እዋናት ዝሓተኒ ዝነበረ ሕቶታት ዘኪረ ተስተንከርኩ።

ከይተዳናጎኹ ብኡንብኡ ድማ ደወልኩሉ። ከም ኣጋጣሚ ኮይኑ ድማ ንሱ ድማ በቲኣ ሰዓት ኣብ መንገዲ ተጠቂዑ ዝነበረ ፖስተር ናይቲ ኮንፈረንስ የንብብ ብምንባሩ፡ ብልቡ ድማ ናብቲ ጉባኤ ንክመጽእ ወዲእዎ ነበረ እሞ ተተሓሒዝና ድማ ናብቲ ጉባኤ መጻእና።

በቲ ሽዑ ዝነበረ ኣምልኾን ጸሎትን ስለ ዝተመሰጥኩ ድማ ህርመት ልበይ ካብ ንቡር ንላዕሊ ክንህር ጀመረ። ብውሽጠይ ድማ ተሓጎስኩ። እቲ ዘገርም ግና ልክዕ ከምቲ ኣብኡ ዝነበረ ሰብ ድማ ከይተጋየሽኩ ክዝምር ጀመርኩ። ብምስዓብ ድማ ናይ ኣምልኾ ሰዓት ኣእኪሉ ብወንጌላዊ ሳምሶም ናብ ናይ ቃል ግዜ ሓለፍና። ንሱ ኣብቲ ስብከቱ ቀደም ከም ዛንታ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ታሪኽ ናይ ኣልኣዛር ክዛረብ ጀመረ።

ነቲ ስብከት እናሰምዓኩ ድማ፡ ብተማሳሳሊ ልክዕ ከምቲ ስጋዊ ኣካል ናይ ዝጨነወ ሬሳ ኣልኣዛር ካብ ህላውነት የሱስ ዝተላዕለ ህይወት ከም ዝዘርኤ ሽዑ ኣብታ ሰዓት ድማ፡ ኣብ ውሽጠይ ሓድሽ ኤፍሬም ክውለድ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተገብረ ጻውዒት ድማ ኣነን ዳንኤልን ብሓባር ጎይታ ተቐበልና።

ሎሚ ጎይታ ድማ ኣብ ቤቱ ደው ኣቢሉኒ ኣብኡ ድማ የዕብየኒ ኣሎ። ክብሪ ንስሙ ይኹን! ጎይታ ምስ ተቐበልኩ ድማ ኣብ ህይወተይ ብዙሕ ለውጥታት ረኺበ። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ ድማ፡ እቲ

(ናብ ገጽ 20 ይቕጽል >>)

( ምስክርነት ...ካብ ገጽ 19 ዝቀጸለ)
ዓቢ ሕቶ ዝነበረ እሞ ዘፍርሓኒ ዝነበረ ካብኡ ድማ ዝሃድም ዝነበርኩሉ ጉዳይ ናይ ምሉእ ዘመነይ ሕቶ ተመሊሱ ንሱ ድማ

ፍርሒ ሞት ካባይ ተገፊፉ።

እወ ሕጂ ዝተፈጠርኩሉ ዓላማ (Purpose) ስለ ዝፈለጥኩ፡ ብሓይሊ ኣምላኽ ንዕላማ ኣምላኽ ክነብር ብኹሉ ማእዘን ናይ ህይወተይ ብጸጋኡ በርቲዐ ንኽብሩ እነብር ኣለኹ። እቲ ዘልኣለማውን ዘይበርስን ብየሱስ ክርስቶስ ዝተወሃበኒ ነገራት ነዚ ድማ ቀዳምነት ብምሃብ፡ ነቲ ሓላፊ ዝኾነ ነገራት ከይጠመትኩ ናብቲ ዓስቢ ዓወት ገጸይ እመጣጠር ኣለኹ።

ሎሚ ኣነ ኣብ ንፍታሌም ቤተክርስትያን እማላለስ ኣለኹ። ጎይታ ምስ ተቐበልኩ ክይደንጎኹ ትምህርቲ ድሕነት ተማሂረ፡ ብምቕጻል ድማ ሕጂ ድማ ናይ ኣገልግሎት ትምህርቲ እኸታታል ኣለኹ። ተስፋ ኣግበር ድማ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ኣብዚ ቤተክርስትያን ኣገልግሎት ክጅምር እሞ ነቲ ኣብ መስቀል ሞይቱ ህይወቱ ዝሃበኒ ክርስቶስ የሱስ ብኹሉንትናይ ከኽብሮ።



ብዝተረፈ ናብ ደገ ምድሓን ዝመርሑኒ ብጽድቂ ክማላልስ ድማ ዝሓገዙኒ ኣሕዋተይ ኩሎም ኣምላኽ ይበርኮም። ኣነ ፍረ ናቶም ጸሎት እየ እሞ፡ ከይሰልከዩ ንዓመታት ብዛዕባይ ብምጽላይን ብምምስካርን ናብዚ ስለ ዘብጽሑኒ 'ኣምላኽ ይባርኮም' ጥራሕ እየ ዝብል።

ብምስዓብ ድማ ኣብ ካርቱም ይኹን ኣብ ወጻኢ ኩሉ ወዲ ሃገርና ናብ ምድሓን ክመጽእ፡ ብገንዘብን ብንዋትን ጸሎትን ንህያው የሱስ ኣገልግሎት ወንጌል ዝድግፉ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣምላኽ ይባርኽኩም እብል።

ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን።

ብጎይታ ሓውኹም ኤፍሬም ዑቕባጋብር

ከተማ ካርቱም

## ምስክርነት

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን!

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ዘፍቅሮን ዝፈትዎን እንኮ ወዱ ንዓና መድሓኒናን መዕቀቢና ክኸውን በጃ ስለዝሃበና ልዕሊ ኹሉ ክብርን ምስጋናን ንዕኡ ይኹን።

ንምፍላጥ ዝኣክል ብመጀመርታ፡ ስመይ ለገሰት ተኽለሃይማኖት ይበሃል። ኣብ ጎይታ ቅድሚ ምምጻአይ ዝነበረኒ ህይወት ክዛረብ እንተኾይነ፡ ብወገነይ ኣዝየ ሃይማኖተኛ እኳ እንተ ዘይነበርኩ ብዓቢኡ ክሓብኦ ዘይደሊ ግና ፍርሃት እግዚኣብሄር ነበረኒ።

ኣብ ገዛና ስድራይ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ደሓን ዝኾነ ፍልጠት ስለ ዝነበሮም፡ ኣብ እእዋኑ ኣብ ቤትና ዳርጋ ብዙሕ እዋን ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ኣስተምህሮ (ምይይጥ) ስለ ነበረና እሞ፡ እዚ ናይ ስድራይ ፍልጠት ኣምላኽ ድማ ንዓይ እዋን ከምኡ እኹል እዩ ኢለ ስለ ዝሓስብ ዝነበርኩ ንኣምላኽ ብርግጽ ኣጸቢቐ ከም ዝፈልጦ ኮይኑ ይስምዓኒ ነበረ።

ሎሚ ነቲ ቀደም ዝንየተሉ ዝንበርኩ ፍልጠት ኣምላኽ ምስቲ በጺሐዮ ዘለኹ ናብራ ከነጻጽር ከለኹ፡ ሽዑ ዋላ ሓንቲ እንኮ ከም ዘይፈልጥ ተረዲኡ። ንእብነት ከም ልምዲ ጸሎት ክገብር ኢለ (ኣብ ዓራት ኀቦ ኮይነ ስለ ዝጽሊ ማለት'ዩ) እጀምር እሞ፡ ገና ፍልም ከብልን ክድቅስን ሓንቲ ትኸውን። ዳሓር ድማ ተንበርኪኸካ ኣብ በይንኻ ዝጽለ ኮይኑ ኣይስምዓንን'ዩ ነይሩ።

ከምኡ'ውን መጽሓፍ ቅዱስ ዘንብብ ሰብ እንተ ሰሚዔ 'ዋእ ዘይገድፈናዩዚ' ብምባል ምንጽርጻረን ምጉርምራምን ከም ልምዲ ምግባርይ ክሓብኣልኩም ኣይፈቱን። ሰብ ብፍላይ ድማ መንፈሳውያን ከምዚ ዓይነት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ዘረባ እንተ ተዛረቦም ውሽጣዊ ስካፌታት ስለ ዝነበረኒ ነዚ ከምዚ ዓይነት ዕላል ከም ስርዓት እጸልእ ኔረ።

ኣብ ክንዲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ዕላል ድማ ካልእ ወረ፡ ወይ ዕላል ይመርጽ ነይረ። ከምዚ ዓይነት ጠባይ ስለ ዝነበረኒ ሓንቲ ኣማኒት መሓዛ ነበረትኒ እሞ (ኣብ ኤርትራ) እዛ መሓዛይ ክትምስክረለይ እንክላ ማራ ምጽለአይ ኣይተረፈን። ሓቂ ንምዝራብ ብጀካ እቲ ሃይማኖታ እንተ ዘይኮይኑ ዝወጸላ መንቅብ ኣይነበራን እሞ፡ እፈትዋ ነይረ። ከምዚ ዝበልኩኹም ምስባኽ እንተ

(ናብ ገጽ 23 ይቕጽል >>)

ወ/ዊ ቢሊ ግራሃም ብዛዕባ ከመይ ኣቢሉ ጎይታ ከም ዝተቐበለ ክዛረብ ከሎ ከምዚ ይብል፡

**'ኣይበኸኹን፡ ከምቲ ንገሊኦም ዝስምዖም ፍሉይ ስሚዒት ድማ ኣይተሰማዕንን። በርቂ ኣይረአኹ ወይሲ ነጎዳ ኣይሰማዕኩ... እንተኾነ ግና ኣብታ ጥቓ መድረኽ ኮይነ ከቢድን ዝይትጠዓሰሉ ውሳኔ ወሰንኩ።'**

***ወ/ዊ ቢሊ ግራሃም።*** *ምንጪ* A Prophet with Honour; The Billy Graham Story (New York; William Morrow and Company, 1991).

(ካብ ጉስነት ...ካብ ገጽ 14 ዝቀጸለ)

ብመንፈስ ቅዱስ ምቕብኡ፡ ወሪኢ ኣይፍለጥን ነበረ። ብዙሓት ካብ ደቂ ዓዱ ድማ ጸራብን ወዲ ጸራብን ጥራሕ ይመስሎም ነበረ።

ቅብኢ ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ምስ ተጋህደ ግና፡ ወሪኡ ኣብ ብዘላ ምድሪ ወጸ። ብተማሳሳሊ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ተዋዳዳሪ ዘይብሉ ሓይሉ ኣብ ህይወትካ ምስ ኣግሃዶ፡ ንስኻ ድማ ካብቲ ዘለኻዮ ክውልንነት ተናጊፍካ ናብ ህብቡነት ከም ኣትሰግር ሓደ ምልክት እዩ።



ልክዕ ከም ዳዊት ሓንትስ ንኣምላኽ ፍርሃዮን ተገዝኣዮን እምበር፡ እቲ ዝተቐባእካዮ ቅብኢ ኣብ ህይወትካ ሓያል ስለ ዝኸውን፡ ብቕጽበት ደላይኻ ክበዝሕ፡ ኣገልግሎትካን ጽፍሒ ጽልዋኻን ድማ ክሰፍሕ ናይ ግድን እዩ።

ኣብዚ ግና ቅብኢ ኣብ ህይወትካ ምስተገልጸ ካብ ሰይጣን ምጽባእ ክልዓል ምኽኣኑ ኣይትረስዕ። እዚ ህቡብነትን፡ ተጻይነትን ብሓንሳብ ተላጊቡ ዝኸይድ ነገር እዩ።

<u>መንፈስ ኣይተጥፍኡ</u>

***'መንፈስ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ሳኦል ረሓቐ... ክፉእ መንፈስ ድማ የሳቕዮ ነበረ' (1ሳሙ. 16፡14)።***

ምድግጋም ሓጥያት ንመንፈስ ቅዱስ ካብ ህይወትና ኣርሒቑ ንምእትታው ናይ ኣጋንንቲ ይዕድም ስለ ዝኾነ፡ ሳኦል ድማ ካብ ሓጥያቱ ስለ ዘይተመልሰ ናብ ዝገደደ ፍርዲ ኣምላኽን ናብ ብኣጋንንቲ ምትሓዝን ምውዳቑ ንመን ዘየጉህዮ! ሰይጣን ኣብ ህይወት ንጉስ ሳኦል ባይታ ረኺቡ ከምዚ ንድቑሰትን ንሕማም ኣእምሮን ምድራጉ ኣየገርምን እዩ። ትማሊ ብቕብኢ ከም ዘይተመላለሰ ንጸላእቱ ከም ዘየርዓደ ሎሚ ኣደዳ ኣጋንንቲ ምውዳቑ ንንፍስ-ወከፍና ዓቢ መጠንቀቕታ ምኻኑ ኣይንዘንግዕ።

ሎሚ ኣነን ንስኻትኩምን መንፈስ ቅዱስ ከይጉህየልናን ካባና ከይርሕቕን ህርድግ ምባል ኣገዳሲ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ናብ ጐይታና የሱስ ምስ መጸ፡ ህይወት የሱስ፡ ንህላውነት መንፋስ ቅዱስ ምቹእ ስለ ዝነበረ ካብኡ ኣይረሓቐን።

ቀጻሊ ዘይምእዛዝ ሳዕቤኑ መሪር እዩ። መንፈስ ቅዱስ ናባና ክመጽእ ብዙሕ ጽምኢ የድሊ። ነቲ ዝተዋህበና ቅብኢ ክንዕቅቦ ድማ ብተመሳሳሊ ቀጻሊ ጻዕሪ የድሊ።

ካብዚ እርእስቲ ከይወጻእና መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ከምዚ ይብል፡

***'ርኹስ መንፈስ ካብ ሰብ ምስ ወጸ ዕረፍቲ ደልዩ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ቦታ ኮለል ይብል። ምስ መጸ ጥራያ ተኾስቲራ፡ ተሰሊማ ይረኽባ። ድሕሪዚ ይኸይድ፡ ካብኡ ዝገዱ ሸብዓተ ኻልኦት መናፍስቲ ሒዙ ይመጽእ፡ ኣትዮም ከኣ ኣብኣ ይነብሩ። ነቲ ሰብ ድማ ካብ መጀመርታኡ እቲ መወዳእትኡ ዝገደደ ይኾኖ። ነዚ ክፉእ ወለዶ እዚ ድማ ከምኡ ክኾኖ እዩ' (ማቴዎስ 12፡43-45)።***

ካብ መንፈስ ምውጻእ መወዳእትኡ መሪር ሳዕቤን ከም ዘለዎ እዩ እዚ ኣብ ላዕሊ ዘነበብናዮ ጽሑፍ ዝምህረና ዘሎ። ስለዚ ብሓጺሩ፡ ንጠንቀቕ። ከምቲ ሃዋርያ ጴጥሮስ ዝበሎ ድማ ነቲ ሓቂ ፈሊጥካ ንድሕሪት ካብ ምምላሲ ነታ ሓቂ ካብ መጀመርታ ዘይምፍላጥ ይሓይሽ።

***'ብፍልጠት ጎይታናን መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ካብታ ርኽሰት ዓለም ኣምሊጦም፡ ከም ብሓድሽ ብእኣ ተጠሊፎም እንተ ተሳዕሩ፡ ካብ ቀዳማዮምሲ ዳሕራዮም ዝገደደ እዩ ዝኸውን (2ጴጥሮስ2፡20)።***

<u>ብበገና ምትላል</u>

***'ኣብ ቅድሜኻ ዘለው ገላውኻ ምውቃዕ በገና ዚፈልጥ ይኣዝዝ' (1ሳሙ. 16፡16)።***

ጸገም ሳኦል መንፈሳዊ ደኣ እምበር፡ ደጋውን

(ናብ ገጽ 22 ይቕጽል >>)

**'ሓበሻ ወንጌል ዘይሰብኽ እኳ ርእሱ ስለ ዝፈቱን፡ ከይዋረድን ኢሉን እዩ!'**
**(ኣገልጋሊ ብጹእ ኣምላኽ)።**

(ካብ ጉስነት …ካብ ገጽ 21 ዝቀጸለ)

ብቐሊሉ ብሙዚቃ ምስማዕ ዝፍታሕ ሽግር ኣይነበረን። ሳኦል ግና ነቲ ሽግሩ ብግዝያዊ ፈውሲ ተዓሻሽዩ ንግዚኡ ፍኹስ ክብሎ ጥራሕ ምድላዩ ካልኣይ ጌጋኡ እዩ።

እቶም ገላውኡ ድማ ምንጪ ጸገም ናይ ኀይታኦም ብዘይምርዳእ ይመስል ክቱር ጭንቀት ናይ ኀይታኦም ምስ ረኣዩ ሙዙቀኛ መጺኡ ክፍውሶን ከዛናግዮን ከም ዝኽእል፡ በዚ ድማ ክሕሾ ብምግማት ንንጉስ ንወዲ እሰይ ክጽውዓሎም ምስ ተላበውዎ፡ ንሱውን ኣይደንጎየን 'ሕራይ' በለ።

ኩሉ ሰብ ዝደሓነን ዘይደሓነን መዝሙር ክሰምዕ ምድላዩ ጽቡቕ እኳ እንተኾነ፡ ብፍላይ እቲ ንጐይታ ዘይተቐበለ ሰብ ካብቲ ዘለዎ ናብራ ሓጢኣት ዘናግፎ ቃል ንምቕባልን ናብራ ሓጥያት ንምግዳፍን ፍቓደኛ ከይኮነ ከብቅዕ፡ ኣብ ክንዳኡ ግና ንርእሱ ብጥዑም መንፈሳዊ ሙዚቃ ዜታልል እንተ ኾይኑስ ዓቢ ክሳራ እዩ።



ሄሮዶስን ሳኦልን ፈርኦንን ዝሰማምዑሉ ነጥቢ ኣሎ፡ ሰለስቲኦም ቃሉ ሰሚዖም ኢድ ኣምላኽ ከም እትዓዩ መስኪሮም እኳ እንተ ነበሩ፡ ንሽግሮም ግና ሰረታዊ ፍታሕ ክደልዩ ርእሶም ኣየትሓቱን።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ሄሮዶስ ከምዚ ክብል ይዛረብ፡

*'ሄሮዶስ ንዮሃንስ ጻድቕ፡ ቅዱስ ሰብኣይ ምዃኑ ፈሊጡ ይፈርሆ ነበረ እሞ ይሕልዎ ኸአ ነበረ። ምስ ሰምዖ ድማ ይጭነቕ ብሓጎስውን ይሰምዖ ነበረ' (ማርቆስ 6፡20)።*

ኣስተውዕል እቲ ትማሊ ስብከት ዮሃንስ መጥምቕ ንምስማዕ ዝህንጠ ዝነበረ፡ ጓል ሄሮድያዳ ንዮሃንስ 'ቅተሎ' ምስ በለቶ፡ ደም ናይቲ ንጹህ ንምፍሳስ በቕዐ። እዚ ማለት እቲ ንጉስ ስብከት ዮሃንስ ዝፈቱ፡ ልቡ ግና ከም ቀደሙ ዝይተለወጠ ሰብ ነይሩ ማለት እዩ።

<u>ንንጉስ ፍታሕ ካብ ጓሳ!</u>

ብዛዕባ ዳዊት ወዲ ኣሴይ ድማ ከምዚ ዝብል ዜና መጸ፡

*'እንሆ ዳዊት ወዲ እሴይ በዓል ቤት ልሄም ፈላጥ ወቓዒ ርእየ ኣለኹ። ንሱ ብርቱዕ ጅግና ተዋጋኢ ሰብኣይ መስተውዓል ዘረባ፡ መልከዐኛ ሰብኣይ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምስኡ እዩ።' (1ሳሙ. 16፡፡18)*

(ናብ ገጽ 24 ይቅጽል >>)

## <u>ሓደ እኳ ከይጠፍእ ንጠንቀቕ</u>

ሓደ ካብቲ ኣብ ስራሕ ወንጌል ንንጥፈትና ዝጸብኦ ኩነታት እቶም ናብ ጎይታ ዘምጻእናዮም ሰብ ካብቲ ጀሚሮምዎ ዘለው ጉዕዞ ክርስትና ክጠፍኡ ከለው እዩ። ከምዚ ምዃኑ ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎ።

**እቲ ቀንዲ ምኽንያታት እዚ ዝስዕብ እዩ።**

1. እቶም ጎይታ ንምቕባል ዝወጹ ሰብ <u>ብስሚዕትን ድፌእትን</u> እምበር ናይ ሓቂ መንፈስ ቅዱስ ረቲዑዎም ከይከውን ይኽእል።
2. ጎይታ ድሕሪ ምቕባሎም <u>ግቡእ ክንክን</u> ስለ ዘይተገብረሎም።
3. <u>ማእሰርቲ ሰይጣን</u> ኣብ ህይወቶም ዕዙዝ ብምዃኑ ሰይጣን መሊሱ ኣሲሩዎም ክኸውን ይኽእል።
4. ከምቲ ጎይታና ዝበሎ ገሊኦም፡ <u>ሓልዮት ሓዳር</u> ስለ ዝበርትዖም።
5. ገለ ድማ <u>ስደት</u> ወይ መከራ ስለ ዝመጾም።
6. ኣብ ቤተክርስትያን ምስ መጹ ካብ ኣመንቲ <u>ውዕውዕ ፍቕሪ</u> ኣሕዋት ስለ ዘይረኸቡ።

## <u>ሰብ ናብ ጎይታ መታን ከይመጽእ ካብቲ ዝኽልክሎ ገለ ንምጽብጻብ</u>

1. ሓጥያት ክርስትያናት ስለ ዝዓንቀፎ።
2. 'ናይ ገዛእ ርእሰይ ሃይማኖት ኣለኒ' ኢሉ ስለ ዝሓስብ።
3. እቲ ናይ ወንጌል ኣቀራርባና ስለ ዘይጸበቐ።
4. 'ሰብ እንታይ ክብለኒ?' ብምባል።
5. 'ሎሚ ግዜ የብለይን ደሓር የርክበሉ' ብምባል።
6. ብዙሕ ሓጥያት ከም ዘይብሉን፡ ኣምላኽ ድማ ነታ ንሱ ዘላቶ ንእሽቶ ሓጥያት ከም ዘይቋጸጸሮ ብምትእምማን።
7. 'ጽቡቕ ናይ ጽድቂ ተግባራተይ ናብ ሰማይ ከእትወኒ እዩ' ኢሉ ስለ ዝሓስብ።
8. ሃይማኖት (ጼንጠ ምዃን) ናይ ዘይሰልጠኑ ኮይኑ ስለ ዝሓስብ።
9. ኣምላኽ ኣዝዩ ጽድቕ እዩ። ናተይ ሓጥያት ግና ኣዝዩ ብዙሕ እዩ ኢሉ ስለ ዝኣምን።
10. ኣብ ክንዲ ጽድቂ፡ ሓጥያት ስለ ዝፈቱ።

*(ምስክርነት ...ካብ ገጽ 20 ዝቀጸለ)*
ጀሚራ ግን፡ ኣብ ሞንጎ ክልቴና ክርክርን ዓውታን ብምፍጣሩ ዘይተረፍ ነገር እዩ ነይሩ።

እዚ ኹሉ ክገብር ግን ዕድመይ ምሉእ ኣምላኽ ምሳይ ስለ ዝነበረን ዘሎን ዳርጋ ሕማቕ ዝበሃል ኣጋኒፉኒ ኣይፈልጥን። ምሉእ ህይወተይ ጽቡቕ ነገር ዝተመልአ'ዩ ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን። እወ ኣነ ደኣ እየ ንኣምላክ ዘይፈለጥኩዎ እምበር ንሱስ ይፈልጠንን፡ ይናብየንን ነይሩ።

## ጎይታ ምቕባለይ ድማ

ኣብዚ ማለት ኣብ ሱዳን ምስ መጻኹ ሓንቲ ሓፍተይ ብዛዕባ ጐይታ ትምስክረለይ እሞ፡ ብምቕጻል ድማ ኣጋጣሚ ኮንፈረንስ ስለ ዝነበረ ድማ ናብቲ ቤተክርስትያን ንኸይድ።



ግና ኣብቲ ቤተክርስትያን ምስ ኣቶና ክይጽንሑ፡ ክጽለየሎም ከሎ ብዙሓት ናብ መሬት ክወድቁን፡ ገሊኦም ድማ ዓው ኢሎም ክበኽዩ ምስ ረኣኹ፡ ተሳናበድኩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ጥቓይ ዝነበረት ሓንቲ ጓል ራዕ ኢላ ምስ ወደቐት፡ ደንጸወኒ፡ ቦርሳይ ሒዘ ንድሕሪት ገጸይ ሃዲመ እየ ዝኸድኩ።

ብሓቂ ድማ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ማራ ብምስንባደይ ኣሸንኳዶ ተመሊሰ ናብቲ ቤተክርስትያን ከምጸእ፡ ካብ ልበይ ጸላእኩዎም። በቲ ሽዑ ዝኾነ ኩነታት ድማ ምስ ካልኦት ኮይነ ኣብቶም መንፈሳውያን የላገጽ ነይረ። እዚ ክብለኩም ግና፡ እቲ ሽዑ ዘሰንበደኒ ብዛዕባ'ቶም ዝወድቁ ዝነበሩ ደኣ እምበር፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ ስብከት (ቃል ኣምላኽ) ብጣዕሚ ጽቡቕ (ጥዑም) ምንባሩ ኣይረሳዕኩዎን።

ብድሕሪኡ'ውን ናብ እንዳ መንፈስ ቤተክርስትያን ምምላሰይ ኣይገደፍክዎን። እታ 'ሓፍተይ' ዝበልክዋ መሓዛይ ድማ 'ንምንታይ ጐይታ ዘይትቕበሊ?' ምባላ ኣየቋረጸትን። ኣነ ግና ከምዚ ክውስን ኣይደፈረኩን እሞ ምላሸይ ኩሉ እዋን ኣሉታዊ ነበረ። ብዛዕባ ምቕባል ጎይታ ብዝሓተትኒ ቁጽሪ ድማ 'ብጃኺ ግደፍና ንጐይታ እፈልጦ እየ። ንሱ ምሳይ ኣሎ!' ኢለ እኣብያ ነይረ።

ኣብ መጨረሻ ግና ጎይታ ባዕሉ ስለ ዝወድኦ ማለት'ዩ፡ ወንጌላዊ ሳምሶም ናብ ክርቲም ምስ መጸ፡ ንምምጽኡ ድማ ብሃንቀውታ ከኣ እጽበዮ ስለ ዝነበርኩ (ማለት ወሪኡ ነይሩኒ) ናብቲ ኮንፈረንስ ከድኩልኩም።

ካብቲ ሽዑ ስብከት ንልበይ ዝትንክፍ ብዙሕ ቃላት ነይሩ። ንኣብነት፦ "ንጎይታ ተቐበሉ። ፈጣሪ ሰማይን ምድርን እኳ እዩ ዝጽውዓኩም ዘሎ።' ዝብል ረዚን ዘረባ ምስ ሰማዕኩ ልበይ ተረተዐ። መቸም ብዙሕ'ዩ ነይሩ ልበይ እቲ ሽዑ ዝተንከፈኒ ዘረባ። ሕጅ ግና ክገልጾ ግዜ ይሓጽረኒ። ከምዚ ዝበለ ጻዊዕት ምስ ሰማዕኩ ብወገነይ ድማ 'ኣነስ ንምንታይ ንግሆ ንግሆ'ኽ ዘይቕበሎ? ንየሱስ ተቐበሊ እንተ ተበሃልኩስ መን ኮይነ'የ፡ ኮፍ ኢለ ዝኾርዕ?' ኢለ፡ ከይተዳናጎኹ ኢደይ ኣልዒለ፡ ንሓዋሩ ንክርስቶስ የሱስ ከም ጎይታይን መድሓንየይን ክኸውን ተቐቢለዮ።

እቲ ቀደም ዝፈልጦ ዝመስለኒ ዝነበረ ኣምላኽ ለካ ኣጸቢቐ ኣይፈለጥኩዎም እየ ነይረ። ቀደም ብዛዕባ ኣምላኽ ዝነበረኒ ኣተሓሳስባ ሎሚ ፈጺሙ እዩ ተለዊጡ። ሎሚ ኣምላኽ ከም ኣብ ርሑቕ ዘሎ ሰብ ዘይኮነስ፡ ከም ቀረባ ዘሎ ኣቦይን ሓጋዚየይን ምዃኑ ኣይተሓብኣለይን።

ሎሚ ድማ ብዙሓት ከምቲ ኣነ ቀደም ዝሓስቦ ዝነበርኩ፡ ብዛዕባ ኣምላኽ ብምፍላጦም ንኣምላኽ ከም ዝፈልጡዎ ኮይኑ ዝስምዖም ሰብ ኣይወሓዱን እሞ፡ ብወገነይ፡ ኣብቲ ዘለዎም ናይ እእምሮ ፍልጠት ተመኩሮኣዊ ፍልጠት ክውስኹ ሓደራ እብሎም።

ኣብቲ ኮንፈረንስ ድሕሪ ጎይታ ምቕባልና፡ ኣብ ቻፕል ጅሬፍ ምስ ፓስተር ሰናይ ትምህርቲ ምድሓን ክማሃር ጀሚረ። ጎይታ ይባርኮ ንሱ ናይ ኣምላኽ ሰብ ስለ ዝኾነ ሰልችዩኒ ወይ ደኺመ ከይበለ ቃል ኣምላኽ ምሂሩኒ። ብጽቡቕ መንፈሳዊ ዕቤት ድማ ኣዕቢዩኒ። ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ኣብ ኩሉ ናብርኡ የሰንዮን ይምርሓዮን።


ድሕሪ ጎይታ ምቕባለይ ዘሎ ህይወት ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ብርድኢት ስለ ዘንብብ ጽቡቕ ክርድኣኒ ጀሚሩ። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ትዕግስቲ ዘለኒ ሰብ ኮይነ። ብሓጺሩ ካብቲ ናይ ቀደም ዝነበርክዎ ህይወተይ ብኣንጻሩ ሕጂ ተመሓይሸ ክሳብ መፈጸምትኡ ብጽቡቕ ክቕጽል ኣምላኽ ባዕሉ ይኸእለኒ (ይሓግዘኒ)። ኣሜን! ክብርን ምስጋናን ንኣምላኽ ይኹን።

■

ጳውሎስ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ተስፋ ክቐብጽ ዝግብኦ፡ ንኻልኦት ተስፋ ኮነ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘመረ፡ ተቐጥቂጡ ምስ ተቐትለ፡ ኣየንቀጥቀጠ፡ ንስራሕ ሰይጣን ደኣ ዓበጠ። ንልቡ ዘየቕሰኖ። ንህዋሳቱ ዘርሰኖ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ብምንባሩ፡ ገለ ሰብ 'ጁሉል' ከይበሉዎ ኣይተረፈን። ወንጌል ቀሪሱ፡ ተመሲሑ፡ ተደሪሩ፡ ብምንባሩ ብሓይሊ እቲ ልዑል ኣብ በረኻ፡ ኣብ ከተማ፡ ኣብ ባሕሪ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ኣብ ሸንጭሮ፡ ኣብ ኩሉ፡ ንኹሉ ምስ ኩሉ ንወንጌል ጨርሐ። 'ሞት ከም ወዲ ኣዳም' እዩ እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ንሞት ነታ ኩሉ ዝርዕደላ እኳ ሲሒቐዋ፡ ንህይወቱ ከይበቐቐ ንወንጌል ሞተላ።

*(ካብ ጉስነት ... ካብ ገጽ 22 ዝቀጸለ)*

ነዚ እቶም ሰብ ብዛዕባ ዳዊት ዝበሉዎ በብሓደ ንዘርዝሮ።



**ምውቃዕ በገና ዝፈልጥ፡**
**ብርቱዕ ጅግና፡**
**ተዋጋኢ ሰብአይ፡**
**መስተውዓል ዘረባ፡**
**መልከዓኛ ሰብአይ፡**

**ምውቃዕ በገና ዝፈልጥ**

ኣብዚ ክነስተዕለለኡ ዝደልዮ ነገር ኣሎ። ቀደም ዳዊት ቅድሚ ብመንፋስ ቅዱስ ምቕባኡ ሙዚቀኛ ምናብሩ ፍሉጥ እኳ እንተኾነ፡ ድሕሪ ብምንፋስ ቅዱስ ምቕብኡ ግና ነቲ ዝነበሮ ናይ ተፈጥሮ ህያቡ ሎሚ ድማ ካብቲ ዝነበሮ ንላዕሊ ደንፊዑን ዓብዩን ንርኢ።

ነዚ ኣብ ህይወት ዳዊት ዝተረኣየ ሓቂ ናብ ህይወትና ምልስ ምስ እንብሎ እቲ ዝዓበየ ብሩህ ሓቂ ኣምላኽ ነቲ ቀደም ቅድሚ ዳግም ምውላድና ዝነበረና ጸጋ ሎሚ ብምንፋሱ ቀዲሱ ናብ ዝበለጸ ጸጋ ከም ዘሳጋገረና ሓደ ዓቢ ምልክት እዩ።

> **መንፋስ ቅዱስ ናብ ልብና ምስ መጸ ነቲ ቀደም ኣንዛረቦ ዝነበረና ኣዘረርባ ለዊጡ፡ ሓድሽ ቋንቋ ይህበና፡ ካባን ድማ ጸጋን ፈውስን ይፍልፍል።**

ቅድሚ ጐይታ ምፍላጥካ ጸሓፊ ዲኻ ኔርካ? ሎሚ ኣምላኽ ብዝበለጸ ንጐይታ ዘኽብርን ንቅዱሳን ዝሃንጽን ሰብ ኮይንካ ንምግልጋል ክትበቅዕ ትኽእል ኢኻ። ግና ነቲ ሃያብካ ክትጽዕረሉን፡ ክትደኽመሉን ኣሎካ። ካብ ካልኦት ንላዕሊ በቲ ዝተዋህበካ ጸጋ ኣምላኽ ክትጽዕር ክትደክም ግና ናይ ግድን እዩ።

ጸግኡ ንምዕባይ ዝቃለስ ሰብ፡ ኣብ መወዳእታ ኣገልግሎቱ ስሙር ንብዙሓት ድማ ንበረኸት ኣዩ ዝኸውን። ንትህኪትን ስንፍናን ብዙሕ ዘረባን ኣርሒቕና ጸጋና ካብ ምዕባይ ኣይንሰልኪ። ንጡፍ ስራሕ እንሰርሕ ሰብ እንተኮንና ድማ ከምቲ ንጉስ ሰሎሙን ዝበሎ፡

***'ኣብ ዕዮኡ ፈጣን ዝኾነ ሰብዶ ሪኢኻ ትፈልጥ? ንሱ ኣብ ቅድሚ ነገስታት እዩ ዚቐውም፡ ኣብ ቅድሚ ታሕቶት ሰባት ኣይቀውምን (ምሳሌ 22፡29)***

ካብዚ ኣርእስቲ ከይወጻእና፡ ዳዊት ኣምላኹ ዝፈልጥ ሰብ ምንባሩ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ምስ ተመላእካ ንሱ ብፍሉይ መገዲ ተምልኽ ሰብ እዩ ዝገብረካ። ኣብቲ ኣምላኸ ዘለዎ ድማ ህላውነት ኣምላኽ ኣሎ እሞ ኣብኡ ብረኸትን ጸጋን ህይወትን ክመጽእ ናይ ግድን ይኸውን።

**ብርቱዕ ጅግና ተዋጋኢ ሰብአይ**

መንፈስ ቅዱስ ናይ ድፍረትን ናይ ሓይልን መንፈስ እዩ። ንሱ ናብ ህይወት ዳዊት ምስ መጸ ኣንበሳን ዳብን ከጥቅዕዎ እንተ መጹ እኳ ብእኦም ከይጃጀወ ደፊሩ ተዋግኦም እሞ ንበጊዑ ኣድሓነ። ከምዚ ነዞም ኣራዊት በይኑ ብዘይሓጋዚ ምቕታሉ ድማ ዝናኡ ኣብ ኩሉ ምስምዑ ኣትረፈን።

ኣምላኽ ሎሚ ንዓይን ንዓኻትኩምን መንፈሱ ዝሃበና ኣብ ህይወትና ንዝመጽእ ምጽባኣት ኩሉ በዲህናዮን ሲዒርናዮን መታን ክንሓልፍ እዩ። ንሱ ኣብ ህይወትና ምስ ዓዘዘ ነቲ ትማሊ 'ዘይከኣል' ዝበልናዮ ሎሚ ቀሊል ኮይኑ ክረአየና እዩ። መንፋስ ቅዱስ ትብዓትን ትምክሕትን ኮይኑ ድማ ንሰይጣንን፡ ንኢጋንንትን ሲዒርናዮም መታን ክንሓልፍ፡ እወ ንኣትማንን ዕንቅርቢትን ረጊጽና ንኹሉ ዝብድሃና ሲዒርና ክንሓልፍ ከም እንኽእል ርግጸኛታት ኢና።

ሰብ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተመልአ ፈራህ እንተ ነይሩ ድሕሪ እዚ ተባዕ፡ ደፋር፡ ዝረባኡ ኣብ ምሬት ዘይወድቕ፡ ፍሉጥ ኪኢላ እዩ ዝኸውን። ዳዊት ቀደም ቅድሚ ንኣምላኽ ምርካቡ እውን ክኢላ ሙዚቀኛ እዩ ነይሩ፡ ኣምላኽ ግና ነቲ ባህርያዊ ክእለቱ ሎሚ ብመንፈሱ ገይሩ ካብቲ ዝነበሮ ውሕልነት ንላዕሊ ባረኾ እሞ በዚ ፍሉይ ጸጋ ድማ ንብዙሓት ኣገረመ።

መንፈስ ቅዱስ ናይ ድፍረትን ጅግንነትን መንፈስ እዩ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ በዓል ኣንበሳን ድብን ድማ ዓወት ኣጨበጠ። ዳዊት ብዕድመ ንእሽቶ፡ ብዙሕ ተመኩሮ ዘይነበሮ እኳ ክነሱ፡ ሕጂ ግና ዓቕሙ ብዓቕሚ ኣምላኽ ተመሊኡ፡ ኣንጻር ድብን ኣንበሳን ደው ኢሉ ኣብ ክንዲ ኣባጊዑ ተዋጊአ፡ ሰዓረ ድማ።

*(ናብ ገጽ 25 ይቅጽል >>)*

(ካብ ጉስነት ... ካብ ገጽ 24 ዝቐጸለ)


**መስተውዓል ዘረባ**

ዳዊት መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝቐብኦ ዘረባኡ ብጨው ዝተቓመመ ሰብ ኮነ። መንፋስ ቅዱስ ናብ ልብና ምስ መጸ ነቲ ቀደም ኣንዛረቦ ዝነበረና ኣዘረርባ ለዊጡ፡ ሓድሽ ቋንቋ ይህበና፡ ካባን ድማ ጸጋን ፈውስን ይፍልፍል፡ ልሳኑ ድማ መዓር ወለላ የንጠብጥብ። ክምዚ ምስ ገበርና ቦታና ምስ ኣባጊዕ ኣብ መሮር ዘይኮነስ፡ ኣብ ቤተ-መንግስትን ወራዙን ምስ ዓበይትትን ወረጃታትን ክኸውን እዩ።

***'ንጽህና እንተ ፈቶኻ፡ ጥዑም ዘረባ ድማ እንተ ኣዘውተርካ ንጉስ ይፈትወካ።' (ምሳሌ 22፡11)***

ጽቡቕ ውሕሉል ዘረባ ገዲፍና ግና ኣፍና ኣብ ዝኾነን ዘይኮነን ምኽፋት፡ ሎሚ በረኸት ጽባሕ ድማ ምረት ምዝራብ ግና ምንጭና ብሓቂ ካብ መንፋስ ቅዱስ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን፡

ካብ ሓደ ኣፍሲ መርገምን ምርቓን ክወጽእ ኣይፋልን፡ ሓንቲ ዔላሲ ክልተ ዓይነይ ማይ መሪርን ጥዑምን ክወጽእ? (ያእቆብ 3፡10-11) ኣይፋልን። ብኣፍ ከናፍርካ ተጠሊፍካ ካብ ኣብ ደገ ጽምዋን ድኽነትንሲ ብጥዑም ቃላትን ብጽቡቕ ዘረባን ንብዙሓት ንበረኸት ምኳንንዶ ኣይሓይሽን?



**መልከዓኛ ሰብኣይ**

ዳዊት መንፈሱ ምስ መጸ ተፈታዊ ኮነ። መልክዕን ግርማን ድማ ተወሰኸሉ። መንፋስ ቅዱስ ናብ ህይወትና ምስ መጸ ድማ እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ህይወት ኣምላኽን ግርማኡን ናብ ገጽና ይወጽእ። እቲ መልክዕና ኩሉ ዝርእዮ ጽባቐ ደሚቑ ዝወጽእ ስለ ዝኾነ ኣምላኽ ክይሰልኬና ኣጸቢቕና መንፋሱ ኣብ ህይወትን ክገሃድ ንለምኖ።

ዳዊት እኳ ጥረ-ምረን ኣሕምልትን በሊዑ ክነሱሲ ገጹ ካብቶም ጮማማት ዝበልዑ ንላዕሊ *ወላህላህ* ኢሉ ምንባሩ ኣይትስሓት። ገጽ እስጢፋኖስ ድማ ገጸ መልኣኽ ክሳዕ ዝመስልስ ኣንጸባሪቑ። እወ ግርማና መንፈሱ እዩ። ጽባቐናን ደመትናን መንፈሱ እዩ። ኣብ ቅድሚ ሰብን ኣምላኽን ድማ ፍትዋት ንኸውን እሞ ተደለይቲ ንኸውን።

ንሕና ኩላትን ግን ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ክብሪ ጐይታ እናጠመትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ ከምዘሎና ፈሊጥና ድማ ንመንፈሱ እናሰቴና መልክዕናን ደመትና ንሱ ኮይኑ ነጸብራቕ ኣርያም ኣብ ገጽና ኣብሪሁ ብምድሓን ኣምላኽ ተሰሊምና ንዕወት።

<u>ኣይትልምንን፡ ትልመን ደኣ እምበር!</u>

***እቲ ምስ ኣባጊዕ ዘሎ ወድኻ ስደደለይ።***
***(1ሳሙ 16፡ 19)***

ተስተንከሩ እስከ፡ እቲ ትማሊ በቲ ዓቢ ነብዩን ካህንን ሳሙኤል ንንግስነት ዝተቐብአስ ምስ በሃማት ኣንስሳ ሕጂውን ጓሳ ክኸውንን ኣብ ቡቱኡ ክጸንሕ ወሰነ። ድሕሪ ምቕብኡ ናብ ቤተ መንግስቲ ከይዱ ንግስነት ከም ዝግብኦ ምዝራብን ምውጣንን ዘይኮነስ ከም ቀደሙ ናብ ምጉሳይ ኣባጊዑ ምኻዱ ዘገርም መንፈሳዊ ትሕትና ምኳኑ ኣይንዘንግዕ።

ሎሚ ኣነን ንሳኽትኩምን ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ኣብታ ዘሎናያ ናሽቶ ኣገልጎት እንተ ጸኒዕናን ኣምላኽ ኣብ ንእሽቶ ኣገልግሎት እሙናት ከም ዝኾነ ርእዩ፡ ናብ ዓቢ ነገር ከም ዝሸመና ጥርጥር የለን። ሎሚ ኣብ ክውልን ሓደ ሰብ ክርእየካ ኣብ ዘይከልን ቦታ ኮንካ፡ ምስኡ ድማ፡ ትሑት ስራሕ ትሰርሕ ትህሉ። ብልብኻ ድማ "መዓስ ኮን ኣገልግሎተይ ይዓቢ እሞ ከምቲ ኣምላኽ ቀደም ብትንቢትን ቃሉን ዝበለኒ ንብዙሓት ንምድሓን ንምብጃውን ዝይከውን?" ትብል ትህሉ።

ግና ሓንቲ ነገር ክነግረካ ፍቐደለይ፡ ሓንትስ በቲ ኣገልግሎትካ እሙንን ጽፉፍ ስራሕን ስራሕ እምበር፡ ናይ መወዳእታ ዕጫኻስ ኣብ ስዉርን ሰብ ዘይፈልጠን ዘይኮነስ፡ ብኹሉ እትፈልጠን ዘይትፈልጠን ተፈቲኻ ንብዙሓት ንምግልጋልን ንስምረት ዕላማ ኣምላኽ ድማ ንዋት ኣምላኽ ከም


(ናብ ገጽ 26 ይቕጽል >>)

He who kneels before God will stand in any situation.
He who fears God fears no man

(ካብ ጉስነት ...ካብ ገጽ 25 ዝቀጸለ)

እትኸውን ኣይትጠራጠር።

ቅብኢ ዳዊት ዓብላልን ዘይሰዓርን ነበረ እሞ፡ እቲ ኣብ ህይወት ሳኦል ነጊሱ ዝነበረ መንፈስ ሳይጣን ንዕኡ ከሰንብዶ ወይ ድማ ክስዕሮ ማለት ዘበት እዩ። ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣባና ዘሎ ይሕይልን ይስዕርን ብምዃኑ ድማ መንጸፍና ኣብ ሲኦል ወይ ድማ ኣብቲ ዙፋን ሰይጣን ዘለዎ እነተ ተቐመጥና እኳ ዓወትና ርጉጽን ፍጡንን እዩ (ራእይ ዮሃንስ 2፡13)።



ንሕና ብኣሉታዊ ናይ ሰይጣን ስራሕ ክንጽሎን ክንደሃልን ዘይኮነስ ነቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ሕማቕ መንፈሳዊ ብከላን ሃዋህው ዕልወትን ሲዒርናዮ እንሓልፍ ሰብ ኢና፡ ብርግጽ ድማ ንገሊኦም ካብ ሞት ናብ ሞት፡ ነቶም ሓደ ድማ ካብ ሞት ናብ ህይወት እነብጽሕ መኣዛ ክርስቶስ ብምዃንና ኣዝዩ ባህ ይበለና።

<u>ንግዚኡ ጥራሕ</u>

*'ይሕሾን ይፈኹሶን ነበረ።' (16፡23)*

ንስሓ ማለት ርእስኻ ምትሓትን ምውራድን እዩ። ንስሓ ማለት ናይ ቀድም ኣካይዳኻ ለዊጥካ በተሓሳሰባኻን ብናብራኻን ፍጹም ለውጢ ምግባር ማለት እዩ። ንጉስ ስኦል ግና ርእሱ ኣትሒቱ ሰረታዊ ዝኾነ ፍታሕ ካብ ኣምላኽ ዘይኮነስ ናይ ላዕሊ-ላዕሊ ፍታሕ ዝደሊ ሰብ እዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ነቲ ጥዑም ሙዚቃ ዳዊት ምስ ሰምዐ ንግዚኡ ባህ ይብሎ፡ ከይጸንሐ ግና ተመሊሱ በቲ መንፈስ ሰይጣን ይሳቐ ከም ዝነበረ ምስ እነንብብ እንመሀሮ ነገር እንተሎ፡ ፍጹም ዝኾነ ንስሓ ዘይምንሳሕ ንግዚኡ ንርእስና ኣታሊልና፡ ጽባሕ ድማ በቲ ሕማቕ መንፈስ ክይንዝወር እሞ ኣብ ነፍስናን ኣብ ካልኦትን ብርቱዕ ጥፍኣት ከም ከይነምጽእ ንፍራህ። ያእቆብ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

*'ኣምላኽ ንዕቡያት ይጻረሮም ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም ...እምበርሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ። ንድያብሎስ ግና ተጻረሩዎ ንሱ ኻእ ካባኻትኩም ክሃድም እዩ። ንኣምላኽ ቅረብዎ፡ ንሱውን ክቐርበኩም እዩ። ኣቱም ሓጥኣን ኣእዳውኩም ኣጽርዩ፡ ኣቱም ሰብ ክልተ ልቢውን ልብኹም ኣንጽሁ። ሕዘኑን ጎሃዩን ሰሓቕኩም ናብ ብኽያት ሓጎስኩም ናብ ብኽያት ይለወጥ።" (ያእቆብ 4፡6-9)*

ሳኦል ሓጥያት ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ብምውሳኹ ካብ ዝነበሮ መንፈሳዊ ሃዋህው ቀስ ብቐስ ናብ ዝገደደ ካልእ ሽታሕትሓ ዘእትወና ኣካይዳ ምዃኑ ኣይንዘንግዕ። ሎሚ ብንእሽቶ ሓጥያት ንድያብሎስ ደገ ምኽፋት ማለት ድያብሎስ ጽባሕ ኣብታ ዝሃብናዮ ንእሽቶ ባይታ ኮይኑ ንዝኸፍአ ካልእ ሓጥያት ከይደፍኣና ንሕሰብ። ሎሚ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብዙሓት ብመርበብ ኢንተርነት ርኽስትን ብልሽውናን ንቁርብ እዋናት ይርእዩ፡ ብዙህ ከይጸንሑ ግና፡ ንዝኸፍኡ ኣመላት ይቃልዑ እሞ ርእሶም ክገትኡ ክሳዕ ዘይክእሉ በቲ ዝርእይዎ ማራኺ ግና መርዛም ትርኢት ተጠሊፎም ብኣጋንንቲ ተመራሲሖምን ተወኒኖምን ዝተማረኹ ኣይወሓዱን።

ኣብ መወዳእታ ነዚ ሎሚ ዝተመሀርናዮ ትምህርትታት ቀንዲ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣስተብህለለን።

***ኣብ እዋን ክውልነት፡ ንተዓገስ። ኣብ ንእሽቶ ዝተኣመንዮ ድማ ኣብ ቅሉዕን ፍሉጥን ቦታ ክንሰግር ምዃንና ኣይንዘንግዕ።***
***ተቐቢእና ማለት፡ ሎሚ ንዓቢ ኣገልግሎት ክንወጽእ ኣሎና ማለት ኣይኮነን እሞ፡ ክሳዕ ኣምላኽ ዝነግረና ንጸበ።***
***ኩሉ ሰብ ናይ ተፈጥሮ ህያብ ኣለዎ። ገለ ኪኢላ፡ ሰኣሊ ገለ ኣማሓዳሪ፡ ገለ ድማ መካኒክ፡ ወዘተ... ሰብ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተመልአ፡ ነቲ ናይ ተፈጥሮ ህያቡ ሎሚ ብሓይሊ መንፈሱ በሊሑ ንኽብሪ ኣምላኽ ይኸውን።***
***ንስሓ ለውጢ ናይ ባህርይ ከምጽእ ናይ ግድን እዩ! ንሕናስ ንከባቢና ንጸሉ እምበር፡ ኣይንጽሎን!***

■

**'ሲኦል ብዘይሰብ ባዶ እንተ ተኸውን መን መሃበ!' በለ ሓደ' እቲ ሓደ ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ ' እወ ድያብሎስ በይኑ ኣብኣ ኩርምይ ኢሉ እንተ ዝተርፍሲ መን ምሃበ !'**

(ቃለ-መሕትት… ካብ ገጽ 18 ዝቀጸለ)

**ኣይተጋገኻን!**

<u>ሕቶ</u>

እቶም ሰብ ብንስሓ ርእሶም ምስ ኣዋረዱ እንታይ ተሰሚዑካ?

<u>መልሲ</u>

**እንታይ ተሰሚዕካዶ? ብውሽጠይ እዞም ሰብሲ ካንዶ ክመሓሩ እዮም? 'እንተ ዘይንስሑባ! እንተ ዘይኮይኑስ ኣብ ክንዲ ብሓጥያቶም ዝቕጽዑስ ክመሓሩ እዮም' ምባለይ ኣይተረፈን። ኣምላኽ በዓል ዓቢ ምሕረትን ሳህልን፡ ንኩራ ድማ ደንጓይ ምዃኑ ድማ ኣይዘንጋዕኩን እሞ፡ እንተ ተናሲሓምሲ ከም ዘይቅጽዑ ትረዲኡኒ ነይሩ ስለዚ ድማ እየ ገና ካብ ሃገርይ ክወጽእ ከለኹ ናብዛ ተካል ከተማ ክመጽእ ዘይደለኹ።**

<u>ሕቶ</u>

ንምንታይ ካብ ከተማ  ነነዌ ወጻኢ ሰፈርካ?

<u>መልሲ</u>

**ኣነስ ከይናስሑ እሞ፡ ኣምላኽ ከምቲ ንሰዶምን ንጎሞራን፡ ነዚኦም ድማ ከምኡ  ክገብሮም እሞ፡ ክጠፍኡ ክርኢ ደልየ እየ።**

<u>ሕቶ</u>

ኣብራሃም ኣቦና ግና ሰብ ሰዶምን ጎመራን ከይጠፍኡ ደልዩ  ስለ ዝነበረ  ብምልእታ ለይቲ እዩ ክጽሊ ዝሓደረ። ንስኻ ግና ምምላሶም ዘይምድላይካስ ግጉይነትዶ ኣይኮነን?

<u>መልሲ</u>

**ነዚ ሕቶኻ ኣቓድም ኣቢለ መሊሰልካ ስለ ዝኾንኩ ሕጂ ምድግጋሙ ኣየድልን።**

<u>ሕቶ</u>

ብዛዕባ  እታ ኦም ጉልዒዶ መዕለልካና?

<u>መልሲ</u>

**ክገርመካ እወ ኣብታ ከረን ኮይነ፡ ጉልዒ ረኺብኩ እሞ ካብቲ ሃሩር ክተጽልለኒ ተመኔኹ። ከምታ ዝሓሰብኩዎ ድማ ከምኡ ካብቲ ሃሩር ተኻላኺለትለይ። ግና ጽንሕ ኢላስ፡ ንቕጽ እኳ በለት። እንታይ ይበሃልስከ እዚ? ብሃሩር ሕርር በልኩ።**

<u>ሕቶ</u>

ንስኻስ ብሓንቲ ንስኻ ዘይተኸልካያን ዘየዕበኻያን ጉልዒ ምሕራርካን ምጉሃይካን ምስ ረኣየ፡ ኣምላኽ እንታይ በለካ?

<u>መልሲ</u>

**ንዕኡ መን ይረትዖ? ሎሚ ከምቲ ንዓይ ዝጋጠመኒ ብዙሓት ተማሳስሊ ዓይነት ጸገም የጋጥሞም እዩ። ከምዚ ዝብል ምኽሪ ድማ እየ ዝህቦም። 'ጓሂ ዓለም ይኹን ጓሂኹም። ብዛዕባ ዕለታዊ ናብራኹም ጥራሕ ሕሰቡን ተጨነቑን፡ ብእኡ ተቐበሩ፡ ብዛዕባ ናይ ሰብ ምጥፋእ ግና ብዙሕ ኣይተቐልቡ።**

<u>ሕቶ</u>

ዝኸበርካ ናብይ ዮናስ ስለ ዝሃብካና መልስታት፡ የቀንየልና። ■

# ጸረ-ወንጌል ኣባና ኣይሃሉ



1. *ሕሉፍ ርእሰ ምፍታው፥* ከይትዋረድ። የሱስ እኳ ዝተዋረደ ንሕና ካብ መን ንበልጽ?
2. *ነቶም ዘይአመንቲ ምንዓቕ፡* ካብ ሞንጎ እቶም እንንዕቆም ዳግማዊ ጳውሎስ እንተሎ መን ይፈልጥ?
3. *ኣይምውቕ ኣይዝሑል፡* ሎዲቅያዊነት።
4. *ሸለልትነት፡* ዓሳ ኣብ ቅድሚኻ ኣናሓንበሰ ከሎ ኣብ ክንዲ ምግፋፍሲ ብሸለልትነት ሪኢኻዮ ከም ዘይራእኻዮ ምኻድ
5. *ዕዳ ከም ዘሎካ ምርሳዕ፡* ናጻ ኣይኮንካን። ዕዳ ደም ክይህልወካ ግና ፍራሕ።
6. *ብቂ፡* ኩሉ ናይ መን ድዩ? ገንዘብና ንብረትና መን ድዩ ዘውንኖ?
7. *ፈሪሳውነት፡* ጽድቕኻ ምራርኣይ ንኹሉ ምስትንዓቕ።

# ዜና

**መጽሓፍ ምዝርጋሕ**
'መልሲ ንሕቶኹም' እትብል መጽሓፍ 6000 ቅዳሕ ብናጻ ኣብ ሱዳን ኤርትራን ካልእ ሃገራትን ምዝርጋሓ ነበስረኩም።
ኣብ ቀረባ እዋን ድማ 'ንመን ትሓሪ?' እትብል ንምዝርጋሕ ወንጌል ዝዓለመት መጽሓፍ ኣብ ከተማ ካርቱም ክሳብ 5000 ቅዳሕ ተሓቲማስ፡ ድሮ ናብ ብዙሓት ምዝርግሓ ነበስረኩም።

**ስልጠና**
ኣብ ቀረባ እዋን ኣብተን ኣብ ከተማ ላንደን ዝርከባ ኣብያተክርስትያን ብምትሕብባር ኣብ ዝተገብረ ናይ ምዝርጋሕ ወንጌል ስልጠና ብዙሓት ሰባት ከም ዝተኻፈሉን ሓያሎ ድማ በቲ ዝቐረበ ትምህርቲ ከም ዝተባረኹን ሓሳቦም ገሊጾምልና ኣለው።

**ውፉያት**
ቤተክርስትያን ረሓቦት ስቶክሆልም፡ ንኣገልግሎት ወንጌል ዝውዕል ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምሃቦም ብምቕጻል፡ ሎምውን ነቲ ኣብ ሞንጎ ህዝብና ኣብ ሱዳን እንገብሮ ኣገልግሎት ዝውዕል ናይ ገንዘብ ወፈያኦም ይህቡና ኣለው። ኣምላኽ ድማ ስለቲ ዓሚቕ ልግስነቶም ይባርኮም።

ካብዚ ኣርእስቲ ከይወጻእና ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡ ክርስትያናት ነቲ ኣብ ሱዳን እንገብሮ ኣገልግሎት ገንዘቦም ምውፋዮም ይቕጽሉ ኣለው፡ እሞ ንኣምላኽ በዚ ጸጋት ስለ ዝወፈዩልና ሓገዝ 'ኣምላኽ ይባርኽኩም' ንብል። ■

**ጉስነት ኣብ ሱዳን**

ሓደ ካብቲ ኣብ ሃገር ሱዳን ዘለዋ ኣብያተክርስትያናት እንንእደለን መገዲ ነቶም ዝተዋህቡወን ሓደሽቲ ኣመንቲ ብኹሉ መንፈሳዊ ትግሃትን መንፈሳዊ ጥበብን፡ ዝገብሩለን ጉስነት እዩ። ስለዚ ድማ እቶም ጎይታ ዝተቐበሉ ብጎይታ ዕሸላት ብሽለልትነት ኣይጠፍኡን እሞ በዚ 'ኣምላኽ ይባርኽኩም' ንብል።

## ሰብ ጐይታ ዝቕበለሉ ወቕትታት

ሰብ ጐይታ ክቕበል ልቡ ዝዳለወሉ እዋናት ኣሎ። ፈጺሙ ድማ ንወንጌል እንተ ነገርናዮ ኣዝኡ ዘጽምመሉ እዋን ድማ ኣሎ። ከም ኣገልገልቲ ሰብ መዓስ ቀልጢፉ ከም ዝሰምዓናን ንወንጌል ንምእዛዝ ድማ ከም ዝቃላጠፈን ምፍላጡ ኣዝዩ ኣድላይ እዩ።

***ሰብ ቀልጢፉ ንጎይታ ንኽቕበለሉ ልቡ ዝኽፈተሉ ወቕቲ ንምዝርዛር፡***

**ናይ ፈለማ ስደት**
ንመጀመርታ እዋን ኣብ ሰደት ምስ ከደ፡ ንሓድሽ መንፈሳዊ ተመኩሮታት ክፉት እዩ። ስለዚ ድማ ንሕና ብወገንና ሰብ ኩሉ ርህዩሉ ልቡ ከይተረረ ከሎ ተቓላጢፍና ወንጌል ንምንጋር ንሸበብ።

**ብዕድመ ንኡስ**
ሰብ ብዕድመ እናደፋኦ ምስ ከደ ነቲ ኣብቲ ነዊሕ ዘበኑ ዝደለቦ ተመኩሮ፡ ልምዲ ሃይማኖትን ስርዓትን ተገሪሁ ቀልጢፉ ካልእ ሓድሽ ነገር ክቕበልን፡ ኣተሓሳስብኡ ክልውጥን ኣይክእልን ምዃኑ ኣይንረስዕ።

ስለዚ ድማ ኣተኩሮና ነቶም ብዕድመ ዕሸላት ዝኾኑ ሰብ ወንጌል ክንሰብከሎም ***ክንቃላጠፍ ኣሎና። ከምዚ ማለተይ ነቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ፈጺምና ንረስዓዮም*** ማለት ዘይኮነስ። ኩሉ እቲ ኣተኩሮና ናብ መን ኣጸቢቕና ክንገብር ከም ዘሎና ክንፈልጥ ኣሎና ማለተይ እዩ። ■

## ወንጌል ዝዝርግሕ ሰብ ዝምሰለሉ ኣብነታት

***ከም***

***ሓረስታይ***
ዘራኢ፡ ዓጻዲ፡ ኣብ ዝኸዱ ብቓሉን ብወረቐትን ብራድዮን ብስነ ጽሑፍን ዘርኢ ቃል ኣምላኽ ዝዘርእ እዩ።

**እትወልድ ሰበይቲ**
ብስጋ ብጻዕሪ ከም ዝተወለድካ፡ ብመንፋስ ድማ ሰብ ውለድ። ጻዕሩ ብጸሎት ገጽ ኣምላኽ ብምንቃሕ እዩ ሰብ ናብ መንገዲ ኣምላኽ ዳጋም ዝውለድ።

**ኣዋጂ።**
ንመላእኽቲ እኳ ዘይተዓደለ ንዓኻ ግና ኣዋጅ መንግስቲ ኣምላኽ ክትቃልሕ ተመዚዝካ ኣሎኻ።

**ገፋፊ ዓሳ።**
እዚ ቃል ወይ ስነ ሓሳብ ድማ ትግሃት፡ ምብልሓት፡ ዘይምድቃስ፡ ጋንታዊ እሰራርሓ የመልክት።

**ጓሳ።**
ጓሳ ን99 ኣባጊዕ ገዲፉ ደድሕሪ እታ ዝጠፍኣት ከንናዲ ኣብ ፈቐዶ ሽንጭሮን በረኻን ሃገር ሸፋቱን ኮለል ይብል። ወንጌል ዝዝርግሕ ሰብ ድማ ከምኡ ነቶም ኣብ ማእሰረ ሰይጣን ዘለው ይደሊ ይፍትሽ። ርእሱ ቀቢጹ ድማ ነቶም ካብ ጎይታ ሪሒቆም ዝኸዱ ደልዩ ኣናድዩ ብጥበብን ድንጋጸን ናብ ቤት ኣምላኽ የምጽኦም።

**ኮስታሪ**
*ሳናቲም ዝጠፍአ ሰብ መኸስተር ኣምጺኣ ቤታ ክትኩስትርን፡ ኣብ ኩሉ ሸንሹግ ክተናዲን ድማ ጀመረት።* ■